# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 25 ዓመት ቁ.127 | ሰሉስ 26 ጥሪ 2016 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
"ኣብ ትሕጃ ኣእካልን ማሳረታውያን ሃለኽትን ዋጋ ዕዳጋ የለን"
ፕረዚደንት ኢሳይያስ



ገጽ 5
ሕሰቡልዶ ኣሃዱ ኣበ'ቲ ዓቢ ውራይ



ገጽ 6
ግረጎር መንደል



ገጽ 8
በሊ ሆሊደይ መን'ያ?




ገጽ 9
ውድድር 'ትሮፒካል ኣሚሳ ቦንግ 2016 ተዛዚሙ




# በዓልቲ-ስልጣን ሕቡራት ሃገራት ናይ ስራሕ ምብጻሕ ትፍጽም



ስ/ ሳልሕ ዓብደልቃድር

ተሓጋጋዚት ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራትን ምክትል ኣተሓባባሪ ህጹጽ ረድኤትን ሚስ ክዩንዋ ካንግ፡ ኣብ ኤርትራ ናይ ክልተ መዓልታት ናይ ስራሕ ምብጻሕ ተካይድ ኣላ።

ናብ 25 ጥሪ ኣብ ዘውግሐ ለይቲ ኣስመራ ዝኣተወት ሚስ ክዩንዋ፡ ምስ ዝተፈላለዩ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ሓለፍቲ ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ትካላት ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ውድባትን ተራኺባ፡ ኣብ ምዕዛዝ ክልተኣዊ ጽምዶን ምትሕግጋዝን ኤርትራን ውድባት፡ ከምኡ'ውን ኣብ መጻኢ ክግበር ብዛዕባ ዘለኣል ሽርክነት ዘትያ።

ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ኣብ ዘካየደቶ - ኣብ ትግባረ ሸቶታት ምዕባለ ክግበር ብዛዕባ ዝግበኦ ጻዕርታት ዘተኩረ ርክብ፡ ሚኒስተር ዑስማን፡ እቶም ሸቶታት ንኽዕወት ዝኽእሉ ከም እንጻ ዝኣማስሉ ዘይምቹኡያት ጉዳያት ብዘምልከት መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ሸቶታት ምዕባለ ንምዕዋት ብወገን መንግስቲ ኤርትራ ንዝሎ ቅሩብነት ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ምስ ሚኒስተር ዜና ኣቶ የማን ገብረመስቀል ኣብ ዝገበረቶ ዘተ ድማ፡ ሚኒስተር የማን፡ ኣካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ምስ ኤርትራ ኣብ ዝገብርኦ ጽምዶ፡ ኣብ ልምዓታዊ ምድግጋፍ ጥራይ ከይተሓጽረ፡ ኣብ ምልዓል ዘይሕጋዊ እገዳን ምምካት ኣንጻር ኤርትራ ዝካየድ ናይ ጸለመ ዘመተን ተጻብኦታትን፡ ተራኦን ክጻወታ ግዴታ ከምዘለወን ኣስሚሩሉ።

ኤርትራ ዘላቒ ምዕባለ ንምምዝጋብ ኣብ ሓያል ጻዕሪ ከምእትርከብ ብምሕባር፡ ጉድኢ-ጉድኢ ናይ'ዚ እውን ሰማ ንምድዋንን ንምስይጣንን ዝካየዱ ዲፕሎማስያውን ዜናውን ዘመተታት ንምብዳህን ሓቀኛ ምስሊ ንምንጽብራቕን ኣብ እተካይዶ ዘላ ጻዕርታት፡ ንምትሕብባር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ልዑል ግምት ከምእትህቦ ኣብሪሁ።

ተሓጋጋዚት ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራትን ምክትል ኣተሓባባሪ ህጹጽ ረድኤትን ሚስ ክዩንዋ ካንግ፡ ምስ ሚኒስተራት ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ሕርሻ፡ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ብሓባር ኣብ ዘካየደቶ ተመሳሳሊ ርክብ እውን፡ ኣብ ምውሓስ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ብሓፈሻ፡ ኣብ ውሕስነት መግብን ማሕበራዊ ድሕነትን ድማ ብፍላይ ብዛዕባ ዝግበር ዘሎ ምትሕግጋዛትን ኩነታቱን ዘተኩረ ዘተ ኣካዪዳ።

እታ ላዕለወይቲ በዓልቲ-ስልጣን ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ዝካየድ ዘሎ ኣገልግሎት ጥዕና ንምዕዛብ ዑደት ከተካይድ ምኻና ተፈሊጡ'ሎ።

# ሱዳናዊ ጉጅለ ሓካይም ናጻ ሕክምናዊ መጥባሕቲ የካይድ

ሱዳናዊ ጉጅለ ሓካይም፡ ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታን ሆስፒታል ሓለቦትን፡ ንሕሙማን ናጻ ሕክምናዊ መጥባሕቲ የካይድ ኣሎ።

ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳር ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ፡ እቲ ጉጅለ ሓካይም፡ ናይ ልቢ፡ ጸጉም ንዝለዐም ህጻናት፡ ከምኡ'ውን ጸጸር ሓሞት፡ ገርጎራትን ካልኦት ጥዕናዊ ጸገማትን ንዝለዐም ዜጋታት ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ፡ ናይ ኣዕጽምትን ዓንድ-ሕቖን ሽግራት ንዝለዐም ድማ ኣብ ሆስፒታል ሓለቦት ሕክምናዊ መጥባሕቲ ይገብር ከምዘሎ ገሊጹ።

እቲ ጉጅለ፡ ካብ 331 ህጻናት ናይ ልቢ መጥባሕቲ፡ ን38 ዓበይቲ ድማ ሓፈሻዊ ሕክምናዊ መጥባሕቲ ኣካዪዱ ከምዘሎ ዘጸረ እቲ ሓበሬታ፡ ክሳብ ሰሉስ 26 ጥሪ ንጥፈታቱም ከካይዱ መደብ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ሱዳናዊ ዶክተር ኦሳማ ሙቕታዳንኤርና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ'ቲ ብምትሕብባር መንግስታት ኤርትራን ሱዳንን ዝካየድ ዘሎ ዕማም ምስታፉ ዝተሰመዖ ሓጎስ ብምግላጽ፡ ምስ ኤርትራውያን ሓካይም ተመኩሮ ናይ ምልውዋጥ ባይታ ፈጢሩሎም ከምዘሎ ኣረዲኡ።

'ኣልበሰር' ዝተሰምየ ካልእ ሱዳናዊ ጉጅለ ሓካይም፡ ዓመት መጸ ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት ሃገርና ናይ ዓይኒ ሕክምናን መጥባሕቲን ከምዘካይድ ይፍለጥ።

መንግስታት ኤርትራን ሱዳንን ኣብ ታሪኻዊ ህዝባዊ ዝምድናታቶም ምርኩስ ብምግባር ብዘበርዎ ስምምዓትን ምርድዳኣትን፡ ኣብ መንጎ ሚኒስትሪታት ጥዕና ክልተአን ሃገራት ኣብ ጥዕናዊ ትምህርትን ምልውዋጥ ተመኩሮን ዘተኩረ ማዕከር ከምእተኸተመ ይፍለጥ።

# ዞባ ደቡብ - ውጽኢታዊ መደብ ልቓሕ ይሰላሰል

ጨንፈር ትካል ወህለላን ንኡስ ልቓሕን ዞባ ደቡብ፡ 67 ሚእታዊት ካብ ዓማዊሉ ኣብ ንጥፈታቶም ብምዕዋት ዝተለቅሕዎ ገንዘብ ከምዝምለሱ፡ ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ትርፈ ገብረየውሃንስ ሓቢሩ።

ብ21 ጥሪ ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋማዊ ኣኼባ ኣቶ ትርፈ፡ ትካሉም ኣብ 2015 ንልዕሊ 2 ሽሕ ተጠቀምቲ 31.8 ሚልዮን ናቕፋ ከምዝለቅሐ፡ ዝበዝሑ ካብ'ቶም ተጠቀምቲ ድማ ኣብ ዝተጻንዐ ፕሮጀክታት ስለዘውፈርዎ ልቓሖም ኣብ እዋኑ ከምዝመለሱ ገሊጹ።


እቲ ትካል፡ ምስ ምምሕዳራት ብምርድዳእ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ንዝነብር ህዝቢ ናብ ቦታኡ ብምኻድ ኣገልግሎት ልቓሕ ከምዝረክብ ይገብር ከምዘሎ ዝሓበረ ኣቶ ትርፈ፡ ዓማዊሉም ብውልቅን ብጉጅለን ብምንጣፍ፡ ኣብ መትኣብሮኦም ጽቡቕ ምምሕያሽ የርእዩ ከምዘለዉ ኣረዲኡ።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ኣቶ ሃይለሚካኤል እዮብ፡ ቀጠባዊ መትኣብሮ ዜጋታት ንምምሕያሽ ዝካየድ ጻዕሪ ወጽኢታዊ ምእንቲ ክኸውን፡ ምምሕዳራትን ዝምልከቶም ትካላትን ምስ ትካል ወህለላን ንኡስ ልቓሕን ተወሃሂዶም ብዝተጸንዐ ኣገባብ ክሰርሑ ከምዝግባእ ኣስሚሩሉ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ድኹማት ኣፍልጦ ተጠቀምቲ ኣብ ምምላስ ልቓሕ ዕንቅፋት ይፈጥር ስለዘሎ ኣፍልጦኦም ዘዕቢ ኀስታት ክካየድ፡ ንኣባላት ጸፈት ኣውዓደባ ስራሕ ዝሕግዝ ስልጠና ክወሃብ ተላብዮም።

ጨንፈር ትካል ወህለላን ንኡስ ልቓሕን ዞባ ደቡብ፡ ኣብ 12 ንኡሳን ዞባታት 87 ዓዳውያን ባንክታት ብምኽፋት፡ ን9,519 ብውልቅን ብጉጅለን ዝጥየፉ ዓማዊሉ ኣገልግሎት ልቓሕ ከምዝሃበ፡ ሰነዳቱ የመልክቱ።





ስ/ ፈልሞን ትካቦ

# "ትምህርቲ ብናይ ስራሕ ተመኩሮ'ዩ ዝምዕበል" ጆሜትራ ጌታቸው

ኣብ መላእ ሃገር ዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት፡ ንዚያዳ ስራሕን ኣበርክቶን ዝደርኽ ምዃኑ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ኣብ ዝርከብ ዲጋ-ሎጎን ዲጋ-ምስላምን ምብጻሕ ዘካየዱ፡ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ተመሃሮ ርያድን ከበሳን ገለጹም።

ንሳቶም ንኤርና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ብልዑል ተወፋይነት ህዝብን መንግስትን ብዓብኡ ድማ ብመንእሰያት ዝዕመም ዘሎ

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

ኣብ 1ይ ገጽ ዝቐጸለ

# "ትምህርቲ ብናይ ስራሕ . . ." ጆሜትራ ጌታቸው

ዕዮ፡ ኣብ መታብር ህዝቢ ራህዋ ዝፈጥር ምዃኑ ብዓይኒ ከምዝረጋገጹ፡ እዚ ዕዮ'ዚ ብምልኣት ሸቶኡ ክወቅዕ ናይ ኩሉ ዜጋ ኣበርክቶ ስለዘድልዩ ድማ ክኸይድዎ ዝጸንሑ ንጥፈታት ንምሕያል ዘለዎም ቅሩብነት ኣረጋገጹ።

ንሳቶም ብዘውሰኽዎ፡ መንእሰያት ብፍላይ - ብሩህ መጻኢኦም ኣብ'ዚ ዝተግበሩ ዘለዉ መደባት ከምዝምርኮሶ ተገንዚቦም፡ ንቕሓቶም ከብ ኣብ ለምዝሓዊ ሃገሮም ክሃንጹን ከማዕብሉን ንዘፍጠረሎም ዘሎ ዕድላት ደማ ብዝተገብአ ክጥቀሙሉ ተላብዮም።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት ሓላፊ ማእከል ኣርታን ሓበሬታን ጆሜትራ ጌታቸው መርሓጸዮን ንዑደተኛታት ኣብ ዝጸለ መብርሂ፡ ክልቲኤን ዲጋታት ብልዑል ተሳታፍነትን ተወፋይነትን መንእሰያት፡ ከርቲ ናይ'ቲ ከባቢ፡ ብቐንዱ ድማ ጽፉፍ ውዳበን መሪሕነትን ስራሕ ከምእተሃነጻ ብምሕባር፡ ዝሕዝእ ዓቕሚን ዘዋደድ ዘሎ ትሕተቅርጻን ብዝምልከት ዝርዝራዊ ሓበሬታ ሂቡ።

"ትምህርቲ ብናይ ስራሕ ተመኩሮ'ዩ ዝምዕብል" ዝበሉ ጆሜትራ ጌታቸው፡ ኣብ ማእከል ሞያዊ ስልጠናታት ትምህርቶም ዝዛዘሙ ተመሃሮ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ - ተመኩሮኦም ዘዕብዩሉ ግብራዊ ትምህርቲ ምምራሕ ማሽነሪታት፡ ስርሓት ሓጺን፡ መካኒካዊ ኮምፕዩተር፡ ሕርሻዊ ንጥፈታትን ካልእን ይወስዱ ከምዘለዉ ገለጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ተመሳሰልቲ ርያድን ከባቢኣን ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ቅድሚ ሕጂ ክገብርዎ ዝጸንሑ ሓገዝ ንመሳሰሊ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ዝውዕል 10 ሽሕ ናቕፋ ከምዝወፈዩ ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ዝጸሓፉ ሓበሬታ የመልክት።

ማሕበር ምትሕግጋዝ ተመሳሰልቲ ርያድን ከባቢኣን ኣባላቱ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ የኪይዱዎ ዝበሩ ሃገራዊ ኣበርክቶ ብልምዓት ንምድራዕ ኣብ 2008 ዝተማስረተ ኮይኑ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለም ዝርከቡ 148 ኣባላት ኣለውዎ።


ስ/ የውሃንስ መብራህቱ

# "ኣብ ትሕጃ ኣእካልን መሰረታውያን. . ."

## ፕረዚደንት ኢሳይያስ

ኣብ 4ይ ገጽ ዝቐጸለ

ዘጸግም የብልናን ከሰምዕ የብሉን። የግዳስ፡ ኑቲ ክቕልቀል ዝኽእል ጸገማት ንምብዳህ ዝኣኽለና ምድላዋት ጌርና፡ ኑቲ ሽግር ሓሊፍናዮ ክንጸንሕ ስለዘለና፡ ከም ኣሰራርሓ ከኣ ጸቡቕ ተመኩሮ ዘጥሀለልናሉ ስለዝኾነ፡ ክሳብ ሕጂ ኣሰኪፊ ኩነታት ኣይተራእየን - ምስናይ ዓበር ናይ 2015 ክራማት።

**ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣፋራይነት ሕርሻ ብምድንፋዕ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ፡ ኣብ ትሕተቅርጺ ናይ ሕርሻ ዝዩዱ ዝፍቲ ወፍሪታት ነይሮም። ብጭቡጥ ዘተኣማምን ምህርቲ ኣብ ዝፈርየሉ ደረጃ ንምብጻሕ እንታይ ተወሳኺ ወፍሪታት ይተርፍም?**

ምስ ምዅታምን (Urbanization) ዝተፈላለየ ክሊማዊ ዕድላትን ስርናይ ብፊኖ መልክዕ ይኹን ከምዝለዎ ብስርናዩ፡ ዓመታዊ ዘለና ሃልክን ጠለብን እንታይ ይመስል? ኣብ መንጎ'ቶም ኣእካል - ኣብ መንጎ ስርናይ፡ ሰገም፡ ዕፉን፡ ጣፍን መሸላን ዘሎ ዝንቕ እንታይ ይመስል? ኣየናይ ከባቢ፡ ኣበየናይ ደረጃ መታብር ዘለው፡ በየናይ ባህላዊ መስከየታት፡ እንታይ'የም እቶም ጠለባት ክትፈልጥ ክትክእል ኣሎካ። ብዘይካ እዚኦቶም፡ እቶም ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎም ኣለው። ዘይቲ ኣብዚ እነፍርዮ ኣሎ ኢልካ ክዝረብ ዝከኣል ኣይኮነን፡ ካብ ደገ ኢና ንገዝእ - መብዝሕትኡ። ሽኮር እውን ከምኡ። ካልኦት ዝተፈላለዩ ካሽ ኩሮፕስ ዝበሃሉ እውን ክትወሰኽ ትኽእል ኢኻ። እዚ ካብ ዝናባዊ ሕርሻ ናብ መስኖኣዊ ሕርሻ፡ ከሰጋግሮ ኣለና ኢልና ኑተኣታትዎ ዘለና መደባት፡ ብቐንዱ ከኣ ኑቲ ዝናባዊ ሕርሻ ዝድግፈልና ዘተኣማምን ናይ መስኖ ልምዓት መደባት ከተኣታቱ ኣለና ኢልና ንሰርሕ ኣለና። ቅድሚ ሕጂ ዝተገብሩ፡ ብዝተፈላለየ መገዲ ኣይሰርሑን። ብመገዲ መእለዪ ውሓይዝ ብዙሕ ክግበር ይከኣል እዩ ተባሂሉ፡ መእለዪ ውሓይዝ ተሰሪሖም። ኣበይ ኣለው እቶም መእለዪ ውሓይዝ? እንታይከ ይፈርየሎም ኣሎ? ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ምህርቲ ተሓፊሱሎም? ክንደይ ካብ ጠለባት ናይታ ሃገር ሸፊኖም? ክንዛረበሉ ትኽእል የለን። መብዝሕትኡ ከተኣታትዎ ዝጸናሕና ናይ መስኖ ሕርሻ ንኣሽቱ ምህርቲታት እንተዘይኮኑ፡ ዝም ብየቕን እንጥምቶም ዘለና ዓበይቲ ናይ ኣእካል እታዋት ክሽፍኑልና ኣይጸንሐን። ምስ ግዜ እናማዕበለ ክመጽእ ዝጸንሐ ወፍሪ ኣብዮም ዓበይቲ ፕሮጀክትታት እንበሎም ኣሎ። ካብኡ ናብኡ ፈላሊና ክንፈልጥ ኣለና። ናብ ኣሕምልቲ ዘተኩረ፡ ናብ ፍረታት ዘተኩረ፡ ናብ ኣእካል ዘተኩረ፡ ናብ ጥረታት ዘተኩረ፡ ናብ ካሽ ክሮፕስ ዘተኩረ፡ መደባትና ከመይ ከመይ ጌርና ኢና ንኸፋፍሎ፡ ኣብዚ ክልተ ሰለስተ ዓመታት መልክዕ እናሓዘ መጺኡ ኣሎ። ክንደይ ዓሰርተታት ኣሽሓት ሄክታር መሬት ነልምዕ ኣለና? ኣብ ሓደ ዓመት ክንደይ ዓይነት ኣእካል ከተእቱ ትኽእል ካብኡ? እንታይ ዓይነት ኣእካል ወይ እንታይ ዓይነት ዘራእቲ ኢኻ ከተእቱ ትደሊ ዘለኻ? ኣብ መሰጋገሪ መድረኽ ኣለና ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። መስኖ ክትብል ከለኻ እቲ ንዕኡ ዘድሊ ቴክኖሎጂ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ከምቲ ብኣፍኻ ትዛረቦ ኣይኮነን። ትሕተቅርጺ ናይ መስኖ ከተዋድድ ዘሎ ብደሆ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ማላዊ ወጻኢታቱ ኣዝዩ ከቢድ'ዩ። ምሕደርኡን ምቁጽጻሩን እውን ቀሊል ነገር ኣይኮነን። ስለዚ፡ ናብ ዝፍ ምህርታዊ ናይ ልምዓት መደባት ኣብ ኣእካል ክትኣቱ እንተኼንካ፡ ዝፍ ወፍሪ እዩ ዝሓትት። ማይ፡ ኤሌክትሪክ፡ ሞያዊን ክኢላውን ጉልበት ሰብ፡ ተራ ጉልበት ሰብ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ እኹል ናይ ምርምር መሳለጢያታት፡ ዘርኢ፡ ድኹዒ፡ ጸረ-ባልዕ ምድላዋት ክትገብረሉ ስለዘለካ፡ ኑቲ ዝናባዊ ሕርሻ ከየዳኸምናን ኣብኡ ክግበር ዝግብኦ ወፍሪታት እናሓየልናን እናዕበናን ኢና ክንሕዞ፡ እቲ ምስእ ብምስእ ብመስኖኣዊ ሕርሻ ክለምዕ ዝኽእል ስፍሓት ግን እናዕበናዮ ክንከይድ ክንክእል ኣለና። ኣብ ምዕራብ ዲጋ ዝኣኽለና መብገሲ ጌርና ኣለና ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ዝሰፍሐ ጉላጉል ናይ ምብራቕ ምስ ኩሉ ናይ ማይ ጸጋታቱ ዝኣክል ትሕተ ቅርጺ ስለዘይብሉ፡ ኣብኡ ዘለና ዕድል ዛጊት ምሉእ ብምሉእ ክንጥቀመሉ ኣይከኣልናን። ካብ ጫፍ ናይ በዓል ፎሮን ኣረፋ፡ ደለን ጀሚርካ ክሳብ ጫፍ ናይ በዓል ናቕፋ ዘሎ ከባቢታት ብዙሕ ናይ መስኖ ልምዓታዊ መደባት ክተኣታትወሉ ዝኽእል ዝበረ እዩ። ዝፍ ትሕተ-ቅርጺ ዘድልዮ ስለዝኾነ፡ ብግዜ'ውን ስለዘይረኸብናሉ፡ ዓቕሚ'ውን ስለዘየፍቀደልና፡ ኣይሰራሕናሉን። ክሳብ 80 ሽሕ 100 ሽሕ ሄክታር ንዝኾነት መሬት፡ ዝኣክል ማይ ተቐጻጺርካ ከተልምዖ የዋናውን እዩ፡ ንሱ ዘድሊ ትሕተ-ቅርጺ ግን ኣይተዋደደን። ኣብ ምዕራብ ሓደ ሓደ ዕዉታት ዝመስሉ ፕሮጀክትታት ገይርና ኣለና። ግን ናይ ብላቂ ኑቲ ሕጽረታትና ሸፊኑስ ክሳብ ትሕጃ ንምውሃብ የኽእለና ድዩ? ኣብ ኩሎም'ዞም ከባቢታት ካብ ደቡብ ናብ ማእከል ናብ ዞባ ዓንሰባ ዘለዉ ከባቢታት እንታይ ገይርናለም ኣለና? ኣብ ዝርዝራት ከይኣተና፡ ስሩዕ ዝኾነ (steady) ምዕባለታት ኣሎ። ኣብ መወዳእታ ግን እቲ መሰኪዒኡ፡ ክንደይ ስርናይ፡ ክንደይ መሸላ፡ ክንደይ ዕፉን፡ ክንደይ ጣፍ፡ ክንደይ ካልኦት ዘራእቲ'ውን ኣእቲና እዩ፡ ብቐንዱ ከኣ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ሃልኪ ክንቆጻጸር ክንክእል ምእንቲ፡ ብውሕዱ ኑቶም ካብ ደገ እነእትዎም ዘለና መሰረታውያን ወይ ስትራተጂያውያን ሃለኽቲ፡ ባዕልና ከፍርዮም ክንክእል ኣለና። እቶም ኣብዚ ኣፍሪና ንደገ ክንሰዶም እንኽእል'ውን ብዘተኻእለ መጠን ከዕብዮም ክንክእል ኣለና። ናይ ክልቲኦም ደምር ኣብቲ እንደልዮ ዕላማ ከብጽሓና ስለዝኽእል፡ ኣብ መወዳእታ፡ ኣፍራይነት፡ ምህርትን ፍርያትን ናይ ሕርሻ ቀሊል ኣርእስቲ ኣይኮነን፡ ዝፍ ብደሆ'ዩ። ኩሉ ህዝብን ኩሎተን ኣካላት መንግስትን ዝዋስኣሉ ዘለዉ ድማ'ዩ። ኣብ 2016ን 2017ን እንታይ ከምእንገብር ከኣ ብዛዕባ ክንርኢ ኢና።

ይቕጽል

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ት'ኽለማርያም
ቊ.ስ 116266/201820(2220)

ም/ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
ቊ.ስ 201820(2217)
ፋክስ 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ. 200454 - 07121322

ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ
ኣስቴር ካሕሳይ

## ለሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ካርቱን |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ኢድኣት |
| 14:15 | THE DOCTORS E-26 |
| 15:10 | መደብ ኖርት |
| 16:00 | News highlights |
| 16:20 | ዶክተራት |
| 17:30 | ኣብዚ ሰሙን'ዚ |
| 18:15 | Doc/Film |
| 19:00 | ዜና ትግረ |
| 19:20 | ዜና ዓረብ |
| 20:00 | ቃ/መ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝበቓዊ ጉዳያት ዝምልከት 1ይ ክፋል ድግግ |
| 21:45 | ዜና ትግርኛ |
| 22:10 | መደብ ስፖርት |
| 22:45 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:55 | doc - film |
| 23:20 | ህርመት |

# “ኣብ ትሕጃ ኣእካልን መሰረታውያን ሃለኽትን ዋጋ ዕዳጋ የለን”

## ፕረዚደንት ኢሳይያስ

*ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት፡ ብ22ን 23ን ጥሪ 2016፡ ብቴለቪዥንን ሬድዮን ብቐጥታ ዝተመሓላለፈ፡ ኣብ ከለንተናዊ ምዕባለታት ሃገርናን ኩነታት ሃገርና ኣብ ዝጸልዉ ዞባውን ዓለማውን ምዕባለታትን ተርእዮታትን ዘተኰረ ምስ ማዕከናት ዜና ወሽጢ ሃገር ሰፊሕ ቃለ - መሕትት ኣካይዱ ነይሩ። ካልኣይ ክፋል ትሕዝቶ ናይቲ ቃለ - መሕትት እንሆ፦*

- **ካብነ ሚኒስተራት ኣብዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ዘቐረቦ ኣኼባ፡ ን2016 ኣብ ጉዳይ ሰብኣዊ ጸጋታት፡ ምርግጋጽ ቀረብ መግቢ ኑዋዲን ማሕበርን ህዝባዊ መጓዓዝያን ቀዳምነት ተዋሂብዎም ክትግበሩ ዝተወጠኑ መደባት ከምዝተሓንጸጸ ተገሊጹ ነይሩ። ብዝዕባዚ ምስኡ ዝተኣሳሰሩ መደባትን ቀዳምነታትን ዝያዳ መብርሂ እንተትህበና?**

ናይ 2016ን ክጽዕኑ ዘለዉና መደባት እንታይ እዮም? ባጀት እንታይ ይመስል? ብዙዕሙቱ ጸጋታት ክንድልብ ጸኒሕና። እዚም ጸጋታት’ዚኣቶም ማሕበራዊ ኢንቨስትመንት፡ ጥረ ነገራት፡ ኑዋዲ፡ ቸማዊታት፡ ተንዲና፡ ዝተፈላለዩ ካልኦት ጥረ ነገራት፡ እንተላይ ጸጋ ሰብ ዘጠቓልሉ እዮም። ን2016 ነዋህልሎ ዘለና ጸጋታት - ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኢድና ዝጸንሐን ሕጂ ንወሰኾ ዘለናን - ደሚርና ናይ 2016 ናይ ልምዓት መደባትና ከተግብር እሞ ኪንእ’ውን ን2017 ዝሸፍኑ መደባት ብዋጋኡ ኣደማዕዩየም ከውሕስ እንተኾኑና፡ እንታይ ይመስል ጸጋታትና? ስለዚ ኣብ ኢድና ዘሎ ጸጋታት ገምጋም ይገብረሉ። ንዋሕ ግዜ ገምጋም ከይተገብረ እዩ ጸኒሑ። ክንደይ ዶዘር፡ ክንደይ ሎደር፡ ክንደይ ግሬደር፡ ክንደይ ሚክሰር ኣለዋና? ኩሉን እተን ኣብ ኢድና ዘለዋ ማሕበራዊ ኢንቨስትመንትን ቁጽረን ክንደይ እዩ? ካብኣተን፡ ብዋጋኡ ዝሰርሓን ዘይሰርሓን ክንደይ እየን? ቅያር ኣቑሑ ዝጎደለን ክንደይ እየን? ሓደ ብሓደ ተገምጊመን ክፍለጣ ክኽእላ ኣለወን። ምኽንያቱ ናብ ስራሕ ንዐአን ሒዝካ ስለትእትወሮ፡ ናይ ምትግባር ዓቕምኻ’ውን ብመጠን ዘለካ ጸጋታት ስለዝውሰን። ትሕዝቶኻ ከይፈለጥካ፡ መደባት ክትሰርዕን ወጥናት ክተውጽእን ኣይትኽእልን። ኣብ ጥረ ነገራት እውን ከምኡ። ኣብ ሃገር ዝፈርዩ ይኹኑ ካብ ደገ ዝመጽኡ ከም ኑዋዲ፡ ቸማዊታትን ካልእን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ጥረ ነገራት እንታይ ኣለዉና፡ እንታይከ ክንወሰኽ ንኽእል? ባጀት ከኣ ምስኡ ይመጽእ። ባጀት ክትሰልዕ እንተኾንካ፡ እንታይ ኣታዊታት ኣለካ? ካብ ምንታይ ምንጭታት ኣታዊታት ከተዋህልል ትኽእል ክትፈልጥ ኣለካ። ከመይ



ገርካ’ኸ ንዕኡ ተተግብሮ? ንዘወሰንካዮ ባጀት ብጽሩይ ይኹን ብዙሓ ደረጃ ከመይ ገርካ ተተግብሮ ክትፈልጥ ኣለካ። ልዕሊ ኹሉ ግን፡ ጸጋ ሰብካ ክትፈልጥ ክትክእል ኣለካ። በቲ ዝተሓተ ምናልባት ብዝዕባ ናይ ጉልበት ዓቕሚ ክትዛረብ ትኽእል። ኣብ መወዳእታ ግን፡ ኣብ ቁጠባዊ ዕቤት ለውጢ ዘምጽእ ሞያውን ክኢላውን ጸጋ ሰብ እዩ። ተመኩሮ ዘለዎ ወይ ብዝተፈላለየ ደረጃታት ናይ ሞያ ዝሓለፈ ጸጋ ሰብ፡ እዚ ዓቕሚ እዚ እዩ ንዘለካ ናይ ማሕበራዊ ኢንቨስትመንት፡ ጥረ ነገራት፡ እንተላይ ባጀት ብኣደማዕነት ከሰርሓካ ዝኽእል። ነዚ ከይገምገምና ንዋሕ ግዜ ከም ዝመጸ ብፍኑው ክንከይድ ጸኒሕና። 2016 ነጥቡ መቐየሪ ክንገብራ እንተደኣ ኴንና እምበኣር፡ ደቂቕ ገምጋም ናይ ህሉው ጸጋታትና ገርና ብልክዕ ክንፈልጦ ክንክእል ኣለና። ልዕሊ ኩሉ፡ ናይ ሰብ ጸጋና ከለሰስን ክንክእል ኣለና። ቅድሚ ሕጂ ብዝተፈላለየ መገዲ ካብ ኮሌጃት ብዲግሪን ዲፕሎማን ድሕሪ ምምራቖም ኮሳ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ክእለትን ኪኖትን መሰልጠኒ ማእከላት ሞያ ድሕሪ ምጥራይ ብዋሕ ተመኩሮ ሞያን ክእለትን ከኻዕቡ ዝጸንሑ ኣለዉና። ኣብ ኩሎም እዚኣቶም ዘለና ዓቕሚ እንታይ ይመስል? ሓደ ብሓደ ክንገምግም ክኽእል ኣለዎ። ድሕሪኡ ናይ 2016 መደብና ነውጽእ። እቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ጸጋታት ተጸንዑ፡ ተዘርዚሩ ቀሪቡ ኣሎ። ካብኡ ናብኡ ግን ናይ ሰብ ጸጋ ብዋጋኡ ክንገምግም ኣለዎ ስለዝተባህለ፡ ኣይተወድአን እምበር ይምዘገብ ኣሎ። ሰባት፡ ብፍላይ እቶም ሞያውያንን ክኢላታትን ዝበዝሑ፡ ኣብ ዘየዋግብሉ ብኣደማዕነት ከበርክቱሉ ዝኽእሉ ቦታታት ክምደቡ ክኽእሉ ኣለዎም። እቲ ክንክተሎ ዝጸናሕና ኣመዳድባ ናይ ብሓቂ ኣደማዕነት ናይ ጉልበት ሰብና ወይ ጸጋ ሰብና የረጋግጽልና ነይሩ ዶዩ? እዚ’ውን ክንገምግም ክኽእል ኣለዎ። ምኽንያቱ ኣብ ቀርጻዊ ምትዕርራይ ናይ ኣሰራርሓና ክንኣቱ እንተደኣ ኴንና፡ ዝኾነ ጸጋ እዚ ብዋጋኡ ክንጥቀመሉ ክንሓስብ ስለዘለና። ብሓፈሻ ኑቶም ቁጠባዊ ናይ ልምዓት መደባት ከተግብሮም እንተደኣ ኴንና ከኣ፡ ኣሰላልዓ ባጀትና ክንፈልጥ ክንክእል ኣለና። ኣብዚ፡ እቲ ዝዓበየ ክፋል ባጀት ናይ 2016፡ ኣብ ደሞዝ ናይ ሰራሕተኛታት ክውዕል ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ ንጸጋ ሰብካ ፈሊጥካ ኣብ ዘድምዓሉ ቦታ ከምዝምደብን ከምዝውዕልን ምግባር ጥራይ ዘይኮነ፡ ንሱ’ውን ግቡኡ ክረክብ ስለዘለዎ። እዚ ኩሉ ዓመታት ጸገሙ ተጻዊሩ ማስዋእቲ እናኸፈለ ክኸይድ ዝጸንሐ፡ ድሕሪ 2016ን 2017ን ዝኸይድ መደባት እንተልዩ፡ እቲ ሰብ ማስመሩ ሐዙ ግቡእ ሞሳኡ ክረክብ ክኽእል ኣለዎ። ከመይ ገርካ ተመዛዚኖ ካልእ ኣርእስቲ’ዩ እንተኾነ፡ ከም ቀዳምነት ግን ክመጽእ ክኽእል ኣለዎ። እቶም ንኻልኦት ጸጋታት ናይ ማሕበራዊ ኢንቨስትመንት፡ ጥረ ነገራት ዝምልከቱ እውን ቀዳሚት ይኣትዉ። ንህዝቢ ብዝምልከት ብኣጠቓላሊ፡ ናይ መጓዓዝያ፡ መራኸቢታት፡ ማይን ጸዓትን ኣገልግሎታት፡ እንተላይ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ቀዳምነት ክረክብ ክኽእል ኣለዎ። ብዘይካ’ቶም ምስ ኩሉ ካልእ ጸጋታት ደሚርና፡ ኑቲ ቁጠባ ሕመረት ወይ ዳናሞ እዮም እንብሎም ሞያውያን ክኢላውያን፡ እቲ ካልእ ሰብ እውን ኑቶም መሰረታዊ ኣገልግሎታት ክረኽቦም ስለዘለዎም። ስለዚ፡ ናይ 2016 ባጀት ክንሰርዕ እንከለና፡ ቀዳምነታት ናይቲ ባጀትና ክንፈልጥ ክንክእል ኣለና። እቲ ቅድም ክሰርዕ ዘለዎ ቅድም ይሰርዕ። እቲ ዘይተርፍ ዝበሃል ደማ ኣቦናይ ደረጃ ይሰርዕ ተፈሊጡ፡ ኣብ ቦታኡ ይሰርዕ። ከም ድምር ናይ ኩሎቶም እዚኣቶም፡ ኣብ መወዳእታ ናይ 2016 መደብና ሰሪሕና ኣሊና ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። 2016 ናብ ዝሓሸ ናይ ቁጠባ ልምዓትን ዕቤትን ከሰጋግረና ዝኽእል ኣሰራርሓና ከምብሓደሽ ከለስናን ኣመዓራርናን ክንኣቱ ክንክእል ኣለና ስለዝተባህለ፡ ኣብ ወሽጢ’ዚ ኣርእስቲ’ዚ እዩ መጺኡ ነይሩ እቲ ነጥቢ። እዛ ኣቐሪብኩማ ዘለኹም ሕቶ ኩላ ንኹሉ’ዚ ተጠቓልል እያ ማለት እዩ።

- **ክቡር ፕረዚደንት፡ ጉዳይ ደሞዝ ጠቒስኩሞ ኣለኹም። እዚ መደብ እዚ መዓስ እዩ ብምሉኡ ክትግበር?**

ጅማሪኡ እንድዩ። እቶም ኣብ መዘኑብ ዝኣተዉ ደሞዛም ፈሊጦም ኣለዉ። ዝምልከተን ሚኒስትሪታት፡ ኣካላት ህግደፍ፡ ማሕበራትን ኩለን ኣብ ውሽጢ ክሊ ናይ መንግስቲ መዘኑብ ደሞዝ ዝኣተዉ ሰራሕተኛታት ዘለወን ኣካላትን ኣብ ውሽጠን ናይ ዘሎ ዓቕሚ ሰብ መዘኑብ ሓደ ብሓደ ምስ ኩሉ ዝርዝራቱ ከምጽኣኦ ኣለወን። ከይተማስዘገበ ዝኣቱ የለን። መስርዕ ተገይሩሉ ኣሎ። ሓደ ሰብ ‘ብኸምዚ ሞያን ክእለትን ብኸምዚ መለክዒታት፡ ኣብዚ ደረጃ እዚ ይሰራዕ’ እንተደኣ ተባሂሉ፡ እታ ንዕኡ ዝተወሰነት ደሞዝ ኣላ። ከምኡ ምዃኑ ከረጋግጽ ምእንቲ ግን እቲ መዘኑብ ክምላእ ክኽእል ኣለዎ። እቲ ዝርዝር ምስ መጸ ኣብ መዘኑብ ይኣቱ ወይ ይምዝገብ። እቲ ትግባረ ካብ ክፍላ 2015 ዝጀመረ እዩ - ናይቶም መዘኑም ዝተታሕዙ። ናይቶም መዘኑም ዘይቀረበ ግን ንድሕሪት ተመሊስካ ክፍታሕ ዝኽእል እንተኾይኑ፡ ከምኡ ክግበር እዩ። ቅድም ቀዳድም ግን መዘኑም ክቐርብ ክኽእል ኣለዎ። እቲ ተወሲኑ ዘሎ ደሞዝ ብኸመይን ስለምንታይን ተወሲኑ? ናይ ዓመታት ማሰርሒ ስለዝኾነ፡ ኣብኡ ኣትየ ብዙሕ ግዜ ክወስድ ኣይደልን እየ። ኣብ ውሽጢ እዚ ሃገር ክውዳዕ ዝጸንሐ ጥራይ ዘይኮነ ብዘይ ደሞዝ ክሰርሕ ዝጸንሐ ክፍሊ ናይቲ ሕብረተሰብ ኣሎ። ደሞዝ ኣሎ ኢልካ ክትዛረበሉ ዝከኣል ኣይነበረን። ደሞዝ ነይሩ ዶዩ? እንታይ ዝመስል ደሞዝ ነይሩ? እንተደኣ መጠኑ ሽርፊ ናይ ናቕፋ ኣብቲ ዝተሓተ ኣንቆልቀሉ’ሞ፡ ሃለኽትን መነባብሮን - ካብ ክራይ ገዛ ክሳብ ሃለኽቲ ናይ መግቢን ካልኦት ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታትን - ዋግኡም ኣዝዩ እናበረኸ ከይዱ፡ ክንድ’ዚ ደሞዝ ወሲድካ ኣለኻ ስለዘይተባሃለልካ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ እንታይ ክትገብረሉ ትኽእል? ዋላ ሓንቲ፡ እስከ ደሓን ኣብ መንጎ ፈስካላዊ ሚዛን ናይቲ ቁጠባ ዝኣክል ዓቕሚ ከዋህልል፡ ናይ ልምዓት ቀዳምነታትና ስለዘውጥጡና፡ ቅድም ኣብኣቶም ኣድሂብና፡ ጉዳይ ደሞዝ እንተጸንሓልና ክንጻወሮ ንኽእል ኢና፡ ብዘይ ደሞዝ ክንከይድ ንኽእል ኢና፡ እናተባህለ ግዜ በሊዑ። ከምኡ ኢሉ ሓሊፉ። ሕጂ እውን ማስዋእቲ የለን፡ ኩሉ ሓሊፉ እዩ፡ ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና። ብመጠኑ ግን ንድሕሪ ሕጂ ክንሰርሕ እንተደኣ ኴንና ምትዕርራይ ክግበር ነይርዎ። እዚ ምትዕርራይ’ዚ ቀዳማይ ስጉምቲ እዩ። ናይ መወዳእታ ምትዕርራይ ኣይኮነን። ምስ ግዜ እናተገምገመ ናብቲ ናይ ብሓቂ ክመጽእ ክኽእል ኣለዎ። ኣብ መወዳእታ ግን ደሞዝካ ክንድ’ዚ ነይሩ፡ ሕጂ ክንድ’ቲ ስለዝኾነ፡ እንታይ ለውጢ የምጽኣልካ? ሓንቲ ናቕፋ ናይ ምዕዳግ ሓይላ ኣብ ዕዳጋ ዘተኣማምን እንተደኣ ዘይኮይኑ፡ ቁጽሪ ወይ ኣሃዝ ናይ ደሞዝ ክንድ’ዚ በጺሑ ኢሎ ምባል፡ ኑቲ ዘሎ ዝቕባበ መለስኻ ካልእ መልክዕ ምትሓዙ ጥራይ እዩ ዝኸውን። ትርጉም ናይ ደሞዝ ብሓቂ ምስ ክብሪ ናይ መነባብሮን ዋጋ ናይ ሃለኽትን ዝቕባበን ተኣሳሲሩ ክዛመድ ዘለዎ ስለዝኾነ፡ እዚ ናይ ሕጂ ከም ቀዳማይ ስጉምቲ’ዩ ተኣታትዩ ዘሎ። እቶም መዘኑብ ዝእክቡ ዘለዉ፡ ይእክቡ ኣለዉ። እተን ጸብጸብተን ዘሕለፋ ሚኒስትሪታት፡ ኣቦላተን ኣመዝጊበን ኣለዋ። ንኩሉ ተር ከም ዓተር እዩ። ስለዚ፡ ዘይተመዝገበ ‘ብሞያኻ እታ ትግብኣካ፡ ኣብ ናይ ቀዳማይ መድረኽ ደሞዝካ ተማዓራርዩ ኣሎ’ ክበሃሎ ይከኣል፡ ዋላ’ኳ ናይ መወዳእታ ምትዕርራይ እንተዘይኮነ።

- **ምስ ምውሳኽ ደሞዝ ዝቕባበ ንምቁጽጻር እንታይ ይሕሰብ?**

እዚ’ኳ ገዚፍ ኣርእስቲ እዩ። ብዙሓት ቀለልቲ ሕግታት ኣለዉ። ብዙሕ እማመታት ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። ከም ቀዳማይ ነጥቢ፡ እቲ ፖለሲታትን ናይ ምቁጽጻር ዓቕምን ብቕዓትን ናይተን ኣካላት መንግስቲ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት፡ ክራይ ኣብይቲ እንታይ ይመስል? ከም ድላይካ እዩ። መን የካሪ? መን ኣብ መንጎ ኣካራይን ተኻራይን ውዕል ይፍርም? መን ግብሪ የኽፍል? መን ልክዕ ክራይ ይውሰንን ይቆጻጸርን? ብኸመይ መገዲ፡ በየናይ ሕጋውነት? ዝተፈላለዩ ካልኦት ሕቶታት ክለዓሉ ይኽእሉ እዮም። መኪና የብልካን፡ ብሽክለታ እውን ስለዘይብልካ ኣውቶቡስ ትጥቀም። መን የኽፍለካ? ክንደይከ እዩ ዘኽፍለካ? ብኸመይ፡ በየናይ ኣገባብ፡ በየናይ ሕጊ፡ በየናይ መለክዒታት የኽፍለካ? ቃሕ ከምዝበሎ ብናይ ምውቃዕ ሕግታት? ማይ ብቡንባ ኣብ ገዛኻ ስለዘይመጽኣካ፡ ብጀርባ ወይ ብጦጥ ማይ ትገዝእ። ክንደይ ይሸጡልካ ንሓንቲ ፈስቶ ማይ? ብኸመይ መገዲ፡ በየናይ ኣገባብ ይሸጡልካ? ሓርጭ መሸላ ንግዕት ክትገዝእ ደሊኻ፡ ክንደይ ትገዝእ? ኬድካ ኬድካ፡ ሓደ በዓል- ስድራ ኣብ ህይወቱ ዘድልዮ ነገራት ክሽምት እንተደልዩ፡ እተን ዝረኽበን ዘሎ ኣታዊታት ብናቕፋ ከም ድላይካ ቀምረን፡ እንታይ፡ እንታይ ከሳልጣሉ ወይ ከዐድግኦ ይኽእላ? ኣብ መወዳእታ፡ እታ ናቕፋ መለክዒት’ያ እያ ዝበልኩ። እቲ

ናብ 4ይ ገጽ ይቕጽል

# “ኣብ ትሕጃ ኣእካልን መሰረታውያን. . .”

## ፕረዚደንት ኢሳይያስ

ካብ 3ይ ገጽ ዝቐጸለ



መለክዒታት ብዙሕ ኮይኑ ንሳ ሓንቲ ካብኡ እያ። ናታ ናይ ምዕዛን ሓይሊ እንታይ ይመስል? ዋጋታት ናይቶም ካብ ደገ ዝመጽኡ ይኹኑ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝፈርዩ ነገራት፡ ብኸመይ መገዲ ኑሓድሕዶም ተጻላልዮም ልክዕ ማሰሪ ይሕዙ? ኢልካ ክትዛረብ እንተደኣ ኴይንካ፡ ናይታ ናቕፋ መጠነ ሽርፈ ወዒት እያ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ናይ ምዕዛን ሓይላ። ናተይ ምኽሪ ግን ምቑጣብ (saving) እዩ። ኣብ ሓደ ትካል ናይ መንግስቲ ዝሰርሑ ዓሰርተ ሽሕ ሰባት እንተልዮም እሞ፡ ከሎም ሓሸሽቲ እንተኾይኖም፡ ገዝዮም ኣብ ዕዳጋ ስለዘፍስስዎ፡ ኑቲ ናይ ምውቅቓዕ ዕዳጋን ኑቲ ዝቐባበን ናህሪ እዮም ዝወሰኹሉ ዘለዉ። ሓደ- ክልተ ኣወቓቕዕቲ እውን ኑቲ ናህሪ ከደይብዎ ይኽእሉ እዮም ክትብል ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፡ ብዘይፈላለየ መገዲ ናይ ወጻኢ ሽርፈ ኣብ ደገ ረኺቡ ይኹን ኣብ ውሽጢ ኣወቓቒዑ ንሓንቲ ኣቕሓ ካብ ልክዓ ንላዕሊ እንተደኣ ዝኸፍላ ኮይኑ'ሞ፡ ንሳ እንተደኣ መለክዒት ትኸውን ኮይና፡ እቲ ካልእ ከምኡ ኣታዊታት ዘይብሉ ሰብ ከመይ ገይሩ ክገዝኣ ይኽእል? ኑቲ ዕዳጋ ዝጸሉ ብዙሕ ዘየርኢ ኣእዳው ስለዘለዉ፡ ብጥበእ ክትፈልጦ ኣሎካ። ስለዚ፡ ደሞዝ ተወሰኑ፡ ተማሓይሹ ክበሃል ከሎ፡ ብኣሃዛት ምፍቃዱ ዘይኮነ፡ እንታይ ክየዝእ ይኽእል? ኣብ መነባብሮ ናይ ሰብ'ከ እንታይ ናይ ብሓቂ ለውጢ ከምጽእ ይኽእል ኢልካ ክትግምግም ክትክእል ኣሎካ። እዚ ከኣ ምስ ግዚፍ ጎድናታት ክፋል ናይቲ ቁጠባ ተኣሳሲሩ ስለዝኸይድ፡ እቶም ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎም ቀስ ብቐስ እናተቛጻጸርናን እናገምገምና ኣብ መወዳእታ ኑቲ ቁጠባ ነመሓሪርዮ ኣለና ክንብል ከለና፡ ሓደ ካብቲ መሰረታዊ ንዕበየት ናይቲ ቁጠባ ይኹን ንኣፍራይነት ናይ ዜጋታት ዝሕግዝ፡ ናታቶም ኣታዊታትን ብኣታዊታቶም ከምጽእዎ ዝኽእሉ ለውጥን ክኸውን ኣለዎ። እዚ ከተመሓሪ እንተደኣ ዘይትኽእል ኮይንካ፡ ኣብ መንጎ ዘለዎምን ዘይብሎምን፡ ኣብ መንጎ ረብሓም ዝሰፍሩን ተወጺዖም ዝሰፍሩን ጋግ እናዓበየ ይኸይድ'ሞ፡ ናብ ዘየድልዩካ ሓደገኛ መኣዝን የምርሓካ። ዝኾነ ልዓም ክትገብረሉ ወይ ከተመሓሪርዮ ኣሎካ። ስለዚ፡ ደሞዝን ናይ ደሞዝ ወሰኽን ምትዕርራይን ንበይኑ ብጥቕሉ ኣብልካ ዘይኮነ ምስ ካልኦት ናይ ዝቐባበን ናይ መነባብሮን ጸገማት ኣተኣሳሲርካ ንምርኣዮም፡ ናይ መንግስቲ ፖሊሲታትን ናይ ምቁጽጻር ብቕዓትን ጥራይ ዘይኮነ ናይ ህዝቢ ንቕሓት እውን መሰረታዊ እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ዝመጽእ ኣዋርሕ እዞም ዝተኣታተዉ ዘለዉ ፖሊሲታት ብልክዕ እንታይ ለውጢ የርእዩ ኣለዉ፡ ስምብራቶም እንታይ ይመስል? ኣበይ እዮም ልክዕም ሓኒዮም፡ ኣበይ እዮም'ከ ልክዕም ዘይሓዙ? ስለምንታይ? እናተባህለ ህዝቢ ዝዋስኣሉ ክፉት ዓውዲ ናይ ምድይያጥ ክህሉ ኣገዳሲ እዩ። ንቕሓት ናይ ዜጋታት ኣብ ዝወጽኡ ፖሊሲታት ናይ መንግስትን ኣድማዕነት ኣካላት መንግስትን ኣሰራርሕኦምን ኣገዳሲነት ስለዘለዎ።


- **ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ውዳበ ትካላትን ምዕዛዝ ኣፍራይነትን ወሳኒ እዩ። እንታይ ዝተታሕዘ መደባት ኣለዉ?**

እቶም ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎም ኣርእስትታት እኮ እዮም። ጽላት ብጽላት ክትዛረብ ትኽእል። ናይ ደርቂ ናይ እኽሊ ኢልና እውን ክንዛረበላ ንኽእል ኢና። ግን ኣብ ዕቤት ናይቲ ቁጠባን ኣፍራይነትን እቲ ሃዋህውን እቲ ባይታን ተዋዲዱ ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ ክትክእል ኣሎካ። ምኽንያቱ ኣብ ሕርሻ ምስናዕ ኣብ ኣገልግሎታትን ዝተፈላለዩ ካልኦት ቁጠባዊ ጽላታትን ከተተኣታትዎምን ከተማልኦምን ዘሎካ መሰረታውያን ነገራት እዮም። እዚ 25 ዓመታት ሰሪሕናሉ ኢና'ኳ እንተተባህለ፡ ከምቲ ዝድለ ዘይማላእናዮ ነገራት ኣሎ። ትሕተ ቅርጺ ኣለና ድዩ? ብቑዓት ጸርግያታት፡ ብቑዕ ናይ ምግዕዓዝ መሳለጥያታት ኣለና ድዩ? ብቑዓት መዓልቦ ነፈርትን ካልእ ዝኣክል ትሕተ-ቕርጻዊ መደባት ኣተግቢርና ኢና እሞ፡ ኣብ ግዚፍ ናህሪ ናይ ቁጠባዊ ዕቤት ከበጽሓና እዩ ኢልና ክንጅሃረሉ እንኽእል ኣለና ድዩ? ሓደ ብሓደ ብኣሃዛት ክትግምግሞ ዘለካ እዩ። ጸዓት ሓደ ዓቢ ረቛሒ እዩ ኣብ ቁጠባዊ ዕቤት። ናይ ኤለክትሪክ ኣገልግሎት ኣብ ዝተፈላለየ ኣፍራዩ ዝኾነ ዋኒናት እንታይ ይመስል? ብሰንኪልኪል ዝኸይድ ናይ ጸዓት ኣገልግሎት ንቑጠባዊ ዕቤት ከበርክት ይኽእል ድዩ? እንታይ መተካእታታትክ ኣለዉና? ናብ ከመይ ዝኣመሰለ ዕቤት ናይ ጸዓት ትሕተ ቕርጺ ኢና ንኸይድ ዘለና - ብደረጃ ሃገር? ኣብ ኩሉ ከባቢታት ናይ ሃገር ከተኣታትዎም ዘለና ናይ ጸዓት ቀረብን ኣገልግሎታትን ኑቲ ዕቤት ደረኽቲ ስለዝኾኑ እንታይ ይመስሉ? ብሓፈሻኸ ኣብ ምንታይ ደረጃ በጺሕና ኣለና? ኣብ 2016ን 2017 እንታይ ክንገብር ኢና? ኢልካ ክትዛረብ ትኽእል። ንገርሮ ጥራይ ዘይኮነ ንሕርሻን ንምስናዕን ዘድሊ ናይ ማይ ቀረብ ኣሎ ድዩ? ልዕሊ ኩሉ ከኣ ናይ ሰብ ጸጋ። እቶም ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎም እዮም። ድምር ናይዚኣቶም እዩ ኣብ መወዳእታ ንዕቤት ናይቲ ቁጠባ ዝድርኽ። ኣብ ምንታይ ደረጃ በጺሕና ኣለና? ኩላተን እዚኣተን ኣዋዲድናየን ዲና? ንሮሕ ኣለና፡ ጉያ ጉያ ንብል ኣለና፡ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ግን ናይ ኩላቶም ድምር ወጽኢት ኣብ ደርኸት ናይቲ ቁጠባዊ ዕቤት እንታይ ናህርን ብልጫታትን ይህበካ ኣሎ? ጽላት ብጽላት፡ ኢንዱስትሪ ብኢንዱስትሪ፡ ዋኒን ብዋኒን፡ ሓደ ብሓደ ገምጊምካ ክትርእዮ ክትክእል ኣሎካ። ክትበጽሖ ዝግበኣካ ደረጃን ሕጂ ዘሎካን ከምኡ'ውን ንስኑ ንኽእ ርእሱ ዝፈጥሮ ድሩትነት ብጥበእ ክትግምግሞ ክትክእል ኣሎካ። እዞም ን2016ን ን2017ን ኢልና ነውጽኦም ዘለና መደባት እምበኣር ንዕኡ ኣብ ግምት ዘእተዉ እዮም። ናይ ምትግባር ዓቕምና ከዕብዮ ክንክእል ኣለና። መካይን ማሽነሪ ኣውቶቡሳትን ካልእን ክንወሰኽ ኣለና ኢልና፡ ንወሰኽ ኣለና። ኣብ ጥረ ነገራት'ውን ከምኡ። ኑዳዩ ኣብ ባጀት ከቢድ ጽዕነት ይፈጥረልና ስለዝነበረ፡ ምናልባት እዚ ሕጂ መጺኡ ዘሎ ምጉዳል ዋጋ ነዳዲ ሓገዝ ክኸውን ይኽእል ኢልካ ክትሓስብ ትኽእል። ግን ክሳብ ክንደይ ቀጻልነት ክህልዎ እዩ? እዚ ሕጂ ዘሎ ዋጋታት እንተተቐየረኸ እንታይ ክኸውን ይኽእል? ንውሕስነት መግቢ ዝምልከት ናይ ሕርሻ ናይ ኣፍራይነት ፕሮግራማትና ምስ ናትና ጸዕርታት ጥራይ ዘይኮነ ምስ ባህርይ'ውን ዝኸይድ እዩ። ተጸባይነት ናይ ዝናብ ክሳብ ዘሎና፡ ዝዓበየ ክፋል ናይ ሕርሻና - ኣብ ዘራእቲ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ጥሪት እውን ግዚፍ ክፋል ናይ ሕብረተሰብና ኣብ መጻሰ ስለዝሰረረ - ማይ ተረኺቡ ኣይተረኸበን ዘሎዎ ጽልዋ ቀሊል ኣይኮነን። ዝ፡ ናብ መስኖኣዊ ሕርሻ ክንሰጋገር ክንክእል ኣለና። ወይ ናይ ክልቲኦም ሕውስዋስ ክግዕበል። ዘተኣማምን ናይ መግቢ ውሕስነት ብኣእካል ጥራይ ዘይኮነ ናይ ጥሪት ሃብትና እናሰሰነ ክይዱ ኣብ ዕቤት ናይቲ ቁጠባን መነባብሮ ናይ ሰባትን ለውጢ ከምጽእ ኣለዎ። እዚኦም ኩላቶም ደማሚርካ ክትርእዮም ከሎኻ ብዘይቋረጽ ኣገባብ ንኽበጽሖ ዝደለና ገስጋስ ክንገብር ጸኒሕና ኣለና። ኣብዚ ደረጃ'ዚ ማዕረ እቲ እንደልዮ በጺሕና ኢና ኢልና ክንዛረብ ግን ፈጺምና ኣይንኽእልን ኢና። ከምኡ ስለዝኾነ ግዜ ከይነውሓና ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ቀልጢፍና ክንውድኦ ዘለና ወዲእና እቲ ባይታን ሃዋህውን ከዋድዶ ስለዘለና፡ እዚም ነውጽኦም ዘለና መደባት ናብኡ ዝቐንዑ እዮም። እቲ ኣፍራይነትን ምህርትን ብዕቤቱ ሓንሳብ ብልጭ ኢሉ ዝጠፍእ ወይ ብርኽ ኢሉ ዝወርድ ዘይኮነ ብዘይቋላለፍ ኣገባብ (Sustainably) ከምዝዕቢ ክትገብር ምእንቲ፡ ንቀጻልነት ወይ ዘይምቁልላፍ ውሕስነት ዝኾኑ ባይታን ሃዋህውን ከተዋድድ ስለዘሎካ፡ ብምሉኡ እቲ ሓይሊ፡ ማስዋእትን ሕድገታትን እናገበርና ንሰርሖ ኣለና።

- **ክረምቲ ሎሚዘበን ኣብ መላእ ዞባ ጽቡቕ ኣይነበረን። ከም ወጽኢቱ ኣብ ሃገራት ዞባና ዋሕዲ መግቢ ኣጋጢሙ ኣሎ። ኩነታትናኸ እንታይ ይመስል?**

ምግናን ከይመስል እምበር፡ ዋላ ሓንቲ ጸገም የብልናን። ጉድዩ ወዲልካ ክሳድ ክትሕዝ ክትክእል ኣሎካ። ኣብዞም ዝሓለፉ ዓመታት፡ ብርክት ክረምቲ እውን እንተኾነ ብቐጻሊ ትሕጃ ክንሕዝ ኣለና ኢልና ኢና ክንሰርሕ ጸኒሕና። ኣብ 2014 ኣብ ኩለን ዞባታት እኳ እንተዘይተባህለ ኣብ ገለ ገለ ዞባታት ትርፊ ነይሩና። ድምር ምህርቲ ናይቲ ዓመት እውን ምስጉን እዩ ነይሩ። ግን ዋላ ምስጉን ክረምቲ እናሃለዎ እንከሎ፡ ትሕጃና ሒዝና ኢና ጸኒሕና። 2014 ብርኩት እዩ ነይሩ ምስ ተባህለ ክንጋገ የብልናን። ሓንቲ ዓመት ብርክቲ ክረምቲ ስለዝረኣና፡ ኩሉ ሽግር ከም ዝተፈትሐ ክንወስዶ ኣይግበኣናን እዩ። ስለዚ፡ እስትራተጂያዊ ትሕጃ ናይ ኣእካልን መሰረታውያን ሃለኽትን ኣብ ምሓዝ ዝኾነ ዋጋ ዕዳጋ የለን። ኣብቲ ዝረሃወካ ግዜ እውን ነዚ ዕሸሽ ክትብሎ የብልካን። ኣብ ከምኡ ደረጃ ግን ኣይበጻሕናን። ናይ ሓሙሽተ ዓመታት፡ ዓሰርተ ዓመታት ትሕጃ መግቢ ሒዝና ንዝጠመዩ ረድኤት ዝህባ ሃገራት ኣለዋ። ንሕና ከኣ ዋላ'ኳ ኣብ ከምኡ እንተዘይበጻሕና፡ ብውሑዱ ናይ ዓመት፡ ክልተ ዓመት፡ ሰለስተ ዓመት ውሕስነት ትሕጃ እናበልና፡ እናደየብና ክንከይድ ክንክእል ኣለና። ኣብ እዋን ጸገም ትጥቀመሉ ማለት እዩ። እዚ ከመይ ጌርና ከምጽኦ ጸኒሕና? ኣብዚ ሃገር፡ ካብ ዝተፈላለየ ምንጭታት ኣታዊታት እንተደኣ ነይሩ፡ ካብቶም ኣታዊታትና እንበሎም፡ ኣብ ባጀታዊ ኣሰራርዓ - ዋላ ናይ ባጀት ሕጽረት እናሃለወ እንከሎ - ቀዳምነት መግቢ እዩ። ኣለና እናበልና ከለና፡ ጸገሕ ንግሆ ዝኾነ ሃገር ክጠልመና ስለዝኽእል፡ ናይ ካልእ እንተተረፈ፡ ብውሑዱ ክንደዚ ዝኣክል ቶን ናይ መሸላን ናይ ስርናይን ትሕጃ ኣብ ኢድና ክንሕዝ ክንክእል ኣለና። እቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘይነፍርየም፡ ካብ ደገ እነምጽኦም ካልኦት መሰረታውያን ናይ መግቢ ሃለኽቲ ዝበሃሉ - ሽኮር፡ ዘይቲ፡ ጥረምረ ወዘተ. . . እውን ትሕጃ ክንሕዘሎም ኣለና እናተባህለ ክሰርሓሉ ጸኒሑ። ንኹሉ እቲ ጠለባት የማልእ እዩ ኢልና ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና። ኣገዳሲ ኣሰኻፊ ዝኾነ ሕጽረታት ግን ኣይረኣናን ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት። ናይ 2015 ክረምቲ ብርኩት ኣይነበረን። ኣይተሓሰበሉን ግን ኣይብልን'የ። 2015 ቅድሚ ምእታዋ፡ 2014 ብርኩት እናሃለወ፡ ኣይፍለጥን እዩ ን2015ን 2016ን ዝተሓዝ እንተደኣ ኣልዩ ዝርካቡ ክንሕዝ ኣለና ኢልና፡ ብኸምኡ ሰሪሕና። ብኡ መጠን ዋላ ናይ 2015 ምህርቲ ምስጉን ኣይነበረ፡ ኣብ ህይወትን መነባብሮን ዜጋታት ስግኣት ክሳብ ዝፈጥረሉ ደረጃ ክበጽሕ ኣይተጻበናን። እቲ ዝሽመት ከኣ ይሽመት ኣሎ። ሽግር ቀዳማይ ክትጸንሕ ኣሎካ። ሽግር ምስ መጸ ንድሕሪት ተመሊስካ ኣይትንሳን ክትርእየ። ሓሊፍኻዮ ትጸንሕ፡ ሕሳብካ ከኣ ትገብር። 2015 ብርኩት ኣይነበረን፡ 2016 እውን ብርኩት ከይከውን ይኽእል እዩ። 2017 እውን እንተደገመኸ እንታይ ሒዝካ ክትከይድ ኣሎካ? ማሽላ ምግዛእ ይጸንሓልካ፡ ነዳዲ ምግዛእ ይጸንሓልካ፡ ተንዲኖ ምግዛእ ይጸንሓልካ። ኩሉ ካልእ ወጻኢታት ገዲፍካ፡ ቀድም ቀዳድም ናይ እኽሊ ጉዳይ ፍታሕ ክትገብር ኣሎካ። እዚ ማለት ግን ንኹሉ ሽግራትና እናፈታሕና ንኸይድ ኣለና፡

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል




# ሕሰኤልዶ ኣሃዱ፡ ኣብ'ቲ ጋቢ ውራይ

መሓመድ እድሪስ መሓመድ

3ይ ክፋል

ካብ ናይ ወገን መጥቃዕቲ ዝሃደመ ሜካናይዝድ ኣሃዱ ጸላኢ፡ ኣብ'ቲ ጉጅለ ሃንደሳ ዘጻወደቶ ኑዮግዚ ምስ ኣተወ፡ ፈለማ ዙ 23 ሚ.ሚ. ዝጸዓነታ ወተሃደራዊት መኪና ተሓምሸሸት። ደድሕሪኣ ከኣ ብዙኸቲ ታታሊ.2 ታንክታት ተሃረሙ፡ እቶም


ካብ ጸጋም ንየማን ወዲ ሃንስ፡ ግደይ፡ ንኣምን ኮፍ ዝበለ ድማ ተዓረ ተስፋ

ዓቕሎም ጸበቡዎም ዝሃደሙን ክረድኡ ዝተበገሱን ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ናብ'ታ ቦጦሎኒ ዓመጺ ዝዀረደትላ ኩጆት ብጾዕቒ ጠሓሉ። ተኸሲ. ናይ'ቶም ኣብ'ታ ኩጆት ዝበኩ ህዝባዊ ሰራዊት ከኣ፡ ምሉእ ብምሉእ ናብ'ቶም ወተሃደራት ቀንዐ።

ጉጅለ ሻግራይ'ውን ሰራሕ ምህንድስና ጉዲፉ ማዕረ'ቶም ሓይልታት ብጦማጥ ካላሽንን ኣብ ናይ ኢድ ብኢድ ውግእ ተጸምደት። ብትብዖት ዝመርሕ ዝበረ ኣዘዚ. ቦጦሎኒ ዓመጺ፡ ካብ ቀረባ ርሕቐት ብዘተኮሰ ናይ ታንኪ. ቦምባ ብኸቢድ ክውጋእ ከሎ፡ ረዲዮ ኦፕሬተር ናይ ሃንደሳ ማንጁስ ሹመንዲ ኣስፍሃ ድማ ብጥይት ተሃረመ፡ ክልቲኦም ከኣ ኣብ'ታ ኩጆት ተሰዊኦም።

ለይቲ ዝጀመረ ጽዕጹዕ ውግእ፡ ብዘይ ምቁራጽ ክሳብ ወጋሕታ ቀጸለ። ምፍራስ ናይ'ቲ ግንባር፡ ንኣዘዙቲ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ፈጺሙ ክውሓጠሎም ኣይከኣለን። ኑቲ ግንባር ንምድሓን ዝወሰድዎ ናይ ቀብጾ ተስፋ ጸረ-መጥቃዕቲ፡ ኑቲ ግጥም መለሱ ነበልባል ከዓወሉ። ብኽልቲኡ ወገን ዝተኻዕወ ቦምባታት መዳፍዕን ጢያይት ፈኮስቲ ኣጽዋርን መሬት ኣናወጹ። “ግባ” እናተባህሉ ብኣሰጉዳድ ዝኣተዉ ረዳት፡ ኣብ ርእሲ-ርእሲ'ኳ እንተተተኻኽኡ ፋይዳ ኣይነበሮምን። ብረመጽ ኣጽዋር ህዝባዊ ሰራዊት ተተሉበለቦም፡ ከም ቆጽሊ. ረገፉ።

ህዝባዊ ሰራዊትና፡ መጥቃዕቱ ብምሕያል፡ ከቢድ ማስዋእቲ እናኸፈለ፡ ንሽሾ ሰራዊት ደርግን ወዘ.. ደገፍ ሜካን ተሸከርከርቱን፡ ዳርጋ ኣብ ዕጹው ሳንዱቕ ኣእተምዎም። ብኸበድቲ ኣጽዋር ተሰንዩ፡ ወሁድን ንጡፍን መጥቃዕቲ ብሰፊሑ ብምቕጻል ከኣ ንቕድሚት ገስገሰ።

ኮብ. ሰዓት ዓሰርተን ፈረቓን ረፋድ፡ ብማእከላይ ክንፊ መጥቃዕቲ ዝፈነወ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ንሰራዊት ኢትዮጵያ ካብ'ቲ ግንባር ሓግሒጉ ናብ ጋሕቴላይ ኣውረዶ። ብወገን የማናይ ክንፊ ዝኸስከሰ ሓይሊ. ድማ፡ ኀላጉል ምዕራብ ጋሕቴላይ ምስ ተቐጻጸረ፡ ጽርግያ ኣስመራ-ባጽዕ ሓንሳብን ንሓዋሩን ኣብ ኢድ ዋናታቱ ኣተየ። ከም ሕሱም እናተቐጥቀጠ ዝተኾብለለ ሰራዊት ሰርዓት ደርግ፡ ጽርግያ ኣስመራ ባጽዕ ምስ በጽሐ፡ ናብ ክልተ ማእዝን ተገምዐ። ዝጠዘለ ክፋሉ ንባጽዕ ክንቆት ከሎ፡ ዝተረፈ ክፋሉ እውን ናብ ደንገሎ ካብ ምንቅዕራር ወጻኢ. ካልእ ኣማራጺ. ኣይነበሮን። ሓይልታት ህዝባዊ ሰራዊት ከኣ ሕቖ ንሕቖ ተወሃሂቡ፡ ነቲ ናብ ክልተ ኣንፈት ዝተገምዐ ሰራዊት ትንፋስ ከይሃበ እግራእግሩ ሰዓቡ።

## ካብ ጥብሕታ ኣባላት ሃንደሳ ኣብ ሎሚ

“ኩሉ ግዜ፡ ዕማማት ሃንደሳ ብጉጅለታት ተኸፋፊልካ'ዩ ዝስራሕ። ቅድሚ ዝኾነ ናይ ወገን ወተሃደራዊ ስርሒት፡ ንንውሕ ዝበለ መዓልትታት፡ ሃንደሳዊ ቅድመ ምድላዋት ነሰላስል። ካብ ሓደጋ ኑዮግዚ ናጻ ማስመርን መገስገሲ. ናብ ሸቶን ንጸርግ፡ ኣብ ምግስጋስ ናብ ስርሒት፡ ንኢጋር ሰራዊትን ሜካን መንገዲ ንመርሕ። ኣብ ንጡፍ ወተሃደራዊ ስርሒት፡ ሓደጋ ኑዮግዚ ምስ ዘጋጥም፡ ፍጥነት ንስጋስ ሰራዊትና ንምዕቃብ፡ ቀልጢፍና ካብ ሓደጋ ናጻ ዝኾነ ማስመር ንፈጥር። ብዝዕባ ሓንቲ ፍጻመ ክዘክር ከለኹ ድማ፡ እቲ ኣብ ደሮ ስርሒት ፈንቅል ኣብ ጎላጉል ሰምሃር ዝበረ ጸንከር ኩነታት፡ ብፍላይ ድማ ጽምኢ. ማይ ትዝ ይብለኒ።

ጎላጉል ሰምሃር፡ ኣብ ገለ ወቕቲ፡ ንዝንቀሳቐስ ሰራዊት ዘይቀዱ ኩነታት ኣየርዩ ዘለዎ። ብፍላይ ኣብ ግዜ ሓጋይ፡ ገምጋማዊ ሙቐቱ 39°C ይበጽሕ። ምስ'ቲ ልዑል መጠን ረህዩ፡ ንምንቅስቓስ ኣመና ኣሸጋሪ እዩ። ኣባላትና ግን፡ ህርርማ ጸሓይ ናይ'ቲ ከባቢ. ብዩሆም፡ ወጋሕታ ጀሚርም ምሉእ መዓልቲ ክቕብሩ ይውዕሉ ነይሮም። ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ናይ 1988 ዓ.ም፡ ኣብ'ቲ ከባቢ. ንበይንና ኢና ነይርና። ካብ ማጠለ. ቦታና ዒን ናብ ቦታ ስርሒት፡ ኑዮግዚ፡ ማይን ስንቂን ብኣግማል ኢና ንገርቶ ነይርና። ሓደ መዓልቲ፡ ዝበረና ማይ ኣብ ደረጃ ምጽንቃቕ በጺሑ። ኩላቶም ኣባላት፡ ብማይ ጽምኢ. ተዋጠሮም። ምንጪ. ማይ፡ ካብ ዝበርናዮ መንገዲ ሰለስተ ሰዓትን ፈረቓን እዩ። ኣብ'ቲ ወጣሪ ኩነት፡ ማይ ዘምጽእ ካልእ ኣቢል ክልእኽ ብሕልናይ ኣይተቐበልኩዎን። ማይ ንኸምጽእ ኣብ ገመል ተወጢሐ ተበጊሰ። ተመኩሮ ምውጣሕ ገመል ስለ ዘይነበረኒ. ግን፡ ብጥሰ ክብልን ካብ ዝበን ገመል ናብ መሬት ጥቕልል ክብልን ሓደ ኾኑ። ናብ ብጾተይ ገጸይ ግልጽ እንተ በልኩ፡ ኩላቶም ኣራእሶም ኣብ እግሪ ህጩም (ገረብ) ሸኩዖም ብምንባሮም፡ ዋላ ሓደ ከም ዘይረኣየኒ ኣረጋገጽኩ። ብድድ ምስ በልኩ፡ ካልእ ኣማራጺ. ስለ ዘይነበረ፡ ሓመደይ ነጊፈ. ገመለይ ወጢጠ ብእግረይ ተበጊሰ። ማይ ሐዚ ንኸምለሱ ሽውዓተ ሰዓት ወሰዱለይ። ንኽፉእ ከይዛቡ ከሎ ኣርከብ። ናይ ዕድል ነገር ኩይኑ፡ ብ'ከልቦዲሶሎ' ዝተሃስየ ኣባል ኣይነበረናን። (ተዓረ ተስፋይ)

## ኒታጉ፡ ዋናኡ'ውን ኣይፈልጥንዩ

“ክፍለ ሰራዊት 85 ኣብ ከባቢና ምስ ዓረደ፡ ንመሰለጢ. ስራሕ መኪና (ኣራል) ተፈልያትልና። ንኣሳልጦ ስራሕን ቁጸጸርን ምእንቲ ክጥዕም ከኣ፡ ናይ ስራሕ ምክፍፋል ተገበረ። ኩላትና ኣባላት፡ ኣናትና መደብ ስራሕ ተዓዲልና። ኒታጉ ዝጓርቱ ማእዘንን ርሕቐትን ብጠሶላን ሜትሮን ዝዕቅኑ፡ ኣንታጉን ኒታጉን ቆጺሮም ንቐበርቲ ዝዕድሉ፡ ጉድጓድ ፍሒሮም ኒታጉ ዝቕብሩን ዘመሳስሉን፡ መዝገብ ዝምዝግቡ፡ ኣብ ካርታ ዝሰፍሩ. . . ተኸፋፊልና ኣብ መደብ ስራሕ ተዋፊርና። ኒታጉ ግን ዋናኡን ጸላኢን ዘይፈሊ. ሓደኛ ወተሃደራዊ መሳርሒ. እዩ። ሓደ መዓልቲ፡ ኑዮግዚ ኣብ ኣራል ጸዒንና፡ ኣብ ቦታ ስርሒት በጺሕና። ኣብ'ቲ ዘድሊ. ቦታታት፡ ኑዮግዚን ካልኦት ዘገድሱ ንብረትን ምስ ኣራገፍና፡ እታ መኪና ገዕዞ ቀጸለት። ኣነ ኣብ መደብ ስራሐይ ምስ በጻሕኩ፡ ካብ'ታ ኣራል


መዓስከር ዓዲ ዕለ

ወሪደ። ኮሚሽነር ጋንታና ክፍለ መሓሪ (ወርጦ) ኸኣ ምስ'ታ ኣራል ቀጸለ። እቲ ስፈሕ ጎላጉል፡ ህርርማ ጸሓይን ካምሲንን ኣይፍለዮን'ዩ። እቲ ብጎፋስ ዝድፋእ ኣዚዩ ድኹም ሐጻ፡ ንኣሰር ርጋጽ ከጥፍእ ግዜ ኣይወስደሉን እዩ። ከም'ኡ ስለ ዝኾነ እዩ ድማ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ. ፍሉይ ቦታ ንኸተለሊ. ኣዝዩ ኣጺጋሚ ዝኾውን። እታ ኣራል እውን መንገዲ ስሒታ፡ ካብ'ቲ ኣቐዲምና ዝቐበርናዮ 11 ጸረ ተሽከርከርቲ ኑዮግዚ ምስ ሓለፈት፡ ኣብ መበል 12 ግን ኒታጉ ረጊጻ ተባርዐት። ብጻይና ወርጦ፡ ምስ ከፍኣ ተጋጪዩ ሽዑ ተሰወአ። ኣመና ጉሂናን ሓዚንናን። በቲ ሓደ ድማ ጥንቃቐ ኣደ ድሕነት ምዃና ብጉብሪ ተማሂርና” (ሰለሙን ወዲ ሕድሩ)

“መዓልታዊ ብዘይ ዕረፍቲ ንሰርሕ ብምንባርና ጥዕና ኣባላትና እናተዳኸመ ከይዱ። ዝተጸለኦም ብጾት፡ ሓኪም ሕሰስ ልደ (30.4) የናስ ሰዩም፡ ናብ ማእከላይ ሕክምና ኣፍዓበት ክሰዶም ከሎ፡ ‘ስራሕ ንመን ገዲፍናሉ ክንከይድ! ኣብዚኣ'ባ ባዕልኻ ሓክመና’ እናበሉ ምኻድ ይኣብዩ ነይሮም። ዳርጋ ኩላቶም ‘ተጠንቀቕ! ሰጥ በል!’ እናተባህሉ ብጉዴታ እዮም ዝበስሉ ነይሮም። ብምኽንያት ሕማም፡ ዓቕሚ ሰብ ኣሃዱና እናተዳኸመ ምስ ከደ፡ ማሰርዕ ናዩ ካብ 30.1 ናብ ሓይልና ተደርበ።

ብርሃ ናዩ ጉዳም፡ በሊሕን ምኩርን ተጋዳላ'ዩ ነይሩ። ኣብ'ቲ ኣሸጋሪ ኩነታት ኣየር ዘለዎ ጎላጉል፡ ብቑጥሩ ምሉእ መዓልቲ ኢና ክንሰርሕ ንውዕል። ብጾሓይን ድኻምን ምስ ተሰየፍና፡ ጸላኢ. ደብኽኩቡለና ይኽእል'ዩ። ስለ ዝኾነ፡ ብርሃ ናዩ ‘ንቕድሚት ሕልፍ ኢልና፡ ኣብ'ተን ጸብብቲ ክሳውድቲ ዓሰርተ ዝኾና ጸረ-ተሽከርከርቲ ኑዮግዚ ንሓለዋ ዘይንቕበር’ ኢሉና። እቲ ርእይቶ ቅቡል ስለ ዝኾነ፡ ንእሉቱ ተግቢርናዮ። ጸላኢ. ከይቀደዐ ታንክታቱ ኣምሪሑ ወፈረ። እተን ኣብ'ቲ ዞባ ዝበራ ዝርካበን ኣርባዕተ ታንክታት ወገኑ፡ ምስ'ቲ ሽሻ ዝኾነ ሜካናይዝድ




ሃንደሳን ናይ ወትሩ ዕማሙን

ጸላኢ. ምግጣመን ፋይዳ ስለ ዘይነበሮ፡ ንማዕሚደ ገጸን ተበጊሰን። ታንክታት ጸላኢ. ኸኣ ነተን ታንክታት ከርክብ ክብላ፡ ኣብ'ቲ ንሓለዋ ኢልና ዝቐበርናዮ ኑዮግዚ ኣተዋ'ሞ፡ ክልተ ካብኣተን ብኒታጉ ተሃረማ። ካብኡ ንደሓር ታንክታት ጸላኢ. ደው ኢለን። ታንከኛታትና ዚ. ዕድል ምስ ረኸቡ፡ ኣፈሙዝ ታንኪ. ንድሕሪት መሊሶም፡ ካብ'ተን ኒታጉና ዘሰናኸለን ታንክታት ንሓንቲ እንደገና ኣዳጊሞም፡ ምሉእ ብምሉእ ካብ ስራሕ ወጻኢ. ገበሩዋ። ተስፋ ዝቖረጸ ኣሃዱ ሜካናይዝድ ጸላኢ፡ ነታ ብኒታጉ ተሃሪማ ዝተበላሸወት ካልኣይቲ ታንኪ. ጉቲቱ ናብ ማጠለ. ቦትኡ ክምለስ ከሎ፡ ብጾትና ኸኣ ናብ ማዕሚደ ገጾም ተዓዘሩ። ንሕና ድማ ከም ቀደምና፡ ኣብ'ቲ ጽላል ዘይርከቦ ኣጻምእ ጎላጉል፡ ምስ'ቲ ብሕትውና ዘፍቅር ስራሕ ሃንደሳ ንበይንና ተረፍና።” (መራሒ. ጋንታ ነበር፡ መጀር ተዓረ ተስፋይ)

ምንጪ፦ ብኮሚቴ ማሕበር ሃንደሳ ዝተዳለወ ጽሑፍ


ካብ ኣባላት እንዳ --ኣርባዕተ ነበር ኣብ ሎሚ

# ገጻት ሂወት

# ግሪጎር መንደል

## መን ክብል?

ገብሩ ክብረኣብ

ምሉእ ስም፡ ግሪጎር ጆሃን መንደል
ዝተወልደሉ ዓመት፡ 1884
ዓዲ፡ ቸክ ሪፑብሊክ
ሞያ፡ ሰነ-ፍልጠተኛ



ንዓለምና ኣብ ዝቕየሩ ሚእቲ ብሉጻት ሰነ-ፍልጠተኛታት ካብቶም ኣብቅድሚት ዝሰርዑ'ዩ። ዋላ'ኳ ሓረስቶት ዓለምና ቀዲሞም ብዙሕ ምድቓል ኣትክልቲ ገለ ፍልጠት ደለቦም እንተነበሩ፣ መንደል ፒ ኣብ ዝበሃል ተኽሊ ድሕሪ ዝገበሮ ደቂቕ መጽናዕቲ ንተወርሶኣዊን ጀነቲካዊን ፍልጠት ጨቢጥምን ሰሚይ ኣዕሪግዎን'ዩ። ንሱ፡ ዝያዳ ዝልለየሉ መጽናዕቱ እቲ ኣብ ተኽሊ ፒ ዝረኸቦ ተዓብላሊን ዓብላሊን ተወርሶታት (recessive and dominant type) እዩ። ዕዮ መንደል ግዜፍ ጽልዋ ክፈጥር ዝኸኣለ ግን ካብ ዕለተ-ሞቱ ድሕሪ ሰላሳ ዓመት እምበር ብህይወቱ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ኣይነበረን። ኤሪክ ሁጎን ዊልያምን ዝተባህሉ ሰለስተ ተመራመርቲ፡ ኣብ ልዕሊ ምርምር መንደል ድሕሪ ዘካየድዎ ብርቱዕ ዳግመ ምርምር'ዩ መጽናዕቱ ውጽኢታዊ ኮይኑ።

መንደል ቅድሚ ክልተ ዘመን'ዩ ኣብዚ ሕጂ ቸክ-ሪፑብሊክ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘሎ ሃገር ተወሊዱ። ወለዱ ኣንቶንን ሮዛይንን መብቊላውያን ተቐማጦ'ቲ ከባቢ'ዮም ዝነበሩ። ንሱ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ኣሓቱ'ዩ ዓብዩ። ሽርኒካ ቦኽሪ ጓሉም ነበረት። እታ ኣብ ዕብዮቱ ብዙሕ ዝሓገዘቶ ምንኣሱ ሓብቱ ድማ ተሬዛ ትበሃል። ንሱን እተን ክልተ ኣሓቱን ስድራ መንደል ንልዕሊ 130 ዓመታት ኣብ ዝወሃንዎ መሬት-ሕርሻ እናዓየዩ ዓብዮም። መንደል እምበኣር ካብ ቁልዕነቱ'ዩ ብዛዕባ ማሕረስን ጀርዲንን ፈሊጡ፣ ካብ'ዚ ሓሊፉ እውን ኣብቲ ካብ ዓሰርተ ዘይበዝሕ ዕድመኡ ጥራይ፡ ንምፍራይ ንህቢ ተላልይምስ ግርም ክሰርሓሉ ክኢሉ ነበረ።

መንደል ኣብ ብዙሕ ንጥፈት ዓይዩ'ኳ እንተኾነ፡ ሕልፊ ኩሉ ንጥፈት ዝተዋሰኣሉ ግን ጀርዲን'ዩ። እቲ ንጥፈት እቲ ኸኣ ብዙሕ ሌላ ኣትክልቲን ዕምባባታትን ክገብር ደገፎ። በቲ ግዜ እቲ ዕድል ትምህርቲ ጸቢብ'ዩ ዝነበረ። ኣብ ሕርሻ ብዙሕ ግዜ ዘጥፍእ ዝነበረ መንደል፡ ትምህርቲ ጂምናዝዩም ክጅምር ከሎ፡ ምእንቲ ባህታኡ'ዩ ነይሩ። ኣብቲ ኣካዳምያዊ ምህሮ ኩለንተ ንኣካላዊ ምውስዋስ ኣብሊጹ ክመሃሮ ዝመረጸሉ ምኽንያት ድማ ኣካላዊ ብቕዓት ንምዕባይ ነበረ።

እንተኾነ፡ ትምህርቲ ጂምናዝዩም ንግዚኡ'ዩ ኣጺኒዕዎ። ጸኒሑ ኣብ ልቡ ንዝነበረ ሓሳብ ከተግብር'ዩ ተበጊሱ፣ ናብ ዩኒቨርሲቲ ምስ ሰገረ ድማ ፍልስፍናን ፊዚክስን መረጸ። እንተኾነ ኣብ 'ኦሎማክ ዩኒቨርሲቲ' ሰለስተ ዓመት ምስ ተማህረ ክቕጽል ኣይክኣለን። ብሕማም ዝኣክል ንትምህርቱ ከቋርጽ ተገደደ። ካብ ሕማሙ ምስ ሓወየ እውን እንተኾነ ንመማሃሪ ዝኸውን ገንዘብ ክኸፍል ኣጸገሞ። እዚ ጉዳይ ንመንደል ብዙሕ ኣጨነቖ። ኣብቲ እዋን ሓዳር ገይራ ዝነበረት ሓብቱ ተሬዛ ድሌት ሓዋ ምስ ርእየት፡ ካብ እንዳ ሰብኣያ ንዝተዋህባ ገዞሚ (ኣብቲ ባህሊ፡ እንዳ ወዲ'ዮም ንእንዳ ጓል ገዞሚ ዝህቡ ዝነበሩ) ካብ ስድራኣ ሓቢኣ ንመንደል ሃቡቶ። በዚ ናይ ሓብቱ ደገፍ ድማ ትምህርቱ ክቕጽልን ክፍጽምን ክኣለ።



መንደል፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዘጽንዮ ፍልስፍና፡ ብዕምቈት ኣኽኢልዎ'ዩ። ኣብቲ ንዓመታት ዝሰርሓሉ ጀርዲን ብዝረኸቦ ፒ ዝተባህለ ተኽሊ እውን'ዩ ምርምሩ ዘበገሰ። ንመንደልን መሳርሒቱን ኣብ ጀርዲን ምድቓል ፍሩታታት ልሙድ ስርሖም ነበረ። ትዕዝብቲ መንደል ከኣ ካብቲ ምድቓላት'ዩ ተበጊሱ። ኣብ ወሽጣዊ ተበግሶ'ዚ ሓፍ ዘበሎ ግና ዝቖጸለ ምህሮ መንደል ነበረ። መንደል ቀዳማይ ዲግሪ ድሕሪ ምስቃሉ፣ ሓለቓ ክፍሊ ፍልስፍና ዝነበረ ሊቕ ጆሃን ካሪ መማህሩ ኮነ። ሊቕ ጆሃን ካሪ፡ ኣብ ኣመዓብላ ኣትክልቲን እንስሳታትን ዘተኮረ መጽናዕቲ ዘካይድ ዝነበረ'ዩ። ንሱ ንመንደል ጽልዋ ከም ዘሕደረሉ ይፍለጥ።

መንደል ድሕሪ'ዚ'ዩ ምስኡ ንዝዓበየን ብትምህርቲ ድማ ብዝለዓለ ዝዕበዮን ምርምር ዝተበገሰሉ። ንዝዊሕ እዋን ፊዚክስ ዝመሃሮ ሊቕ ፍረደሪክ ፍራንዝ ድማ ቦታ መጽናዕቲ መረጸሉ'ሞ፡ ቅዱስ ቶማስ ናብ ዝበሃል ደብሪ ከደ። ኣብቲ ደብሪ ከም መማህር ኮይኑ እናዓየየ ብዘወሳኸ ከኣ ምርምሩ ከካይድ ወጥኑ ነበረ። ኣብቲ ደብሪ መማህር ኮይኑ ንኽዕየ ጥራይ ድማ ምሉእ ትምህርትኡ-ቐሺኑት ኣጸነዐ። እንተኾነ ኣብ ፈተና-ደሃያት ክልተ-ሳብ ተረፈ። ብዙሕ ጸዒሩን ደኺሙን ድማ'ዩ ምርምሩ ኣብ ዘካየደሉ ደብሪ ክድይብ ዝኸኣለ።



መንደል፡ ቅድም ብዛዕባ ሸውዓተ ክፋላት ተኽሊ ፒ ተመራመረ። ንውሒ፡ ቅርጺ፡ ሕብሪ፡ ቅርጺን ሕብርን ፍሪ፡ ሰፈርን ሕብርን ዕምባባ ኣብ ጽሑፍ ኣስፊሩ ኣጽኒዕዎ። ኣብቲ ፈለማ ምርምሩ ብሚን ዝሕብሩ ተኽሊ ፒ፡ ቀጠልያ ምስ ዝሕብሩ ተኽሊ ፒ ኣዳቐሎ። ዝረኸቦ ውጽኢት ድማ 4/4 ብጫ ኸኑ። እዚ ንህንጥዩኑ ኣበረኸ፣ ነቲ ዝረኸቦ ብጫ ውጽኢት ምስ ከምኡ ተኽሊ ኣዳቐሎ። ዝረኸቦ ውጽኢት ከኣ ካብ ኣርባዕተ እተን ሰለስተ ብጫ፡ ሓደ ግና ቀጠልያ ኮይኑ ረኸቦ፣ ነቲ ምርምር ኣብዚሑ ምስ ፈተነ እምበኣር ኣብ ሓደ መደምደምታ በጽሐ።



ተሓብኡ ወይ ተዓብለሉ ዝጸንሕ ጂን ከምዘሎ እውን በርሃሉን ንዓለም ድማ ኣብርሃላ። ናይቲ ምዕቡል ዝበሃል ጀነቲክስ(ብዛዕባ ተወርሶ ዘጽንዕ ዓውዲ)፡ ኣቦ ምኻኑ ዝፍለጥ መንደል፡ ንቐዳማይ ምርምሩ ኣብ 1865 ኣቕሪብዎ። ብዙሕ ግብረ-መልሲ ነቐፌታታትን ናእዳታትን ድማ ኣትሪፉ፣ በቲ እዋን እቲ ዝበዝሑ ሰነፍልጠተኛታት ንወረቐት መንደል ብዙሕ ግምት ኣይሃብዎን። ኣብ ምድቓል ኣትክልቲ ዘተኮረ ወረቐት ጸቢብን ንሓረስቶት ጥራይ ዘገልግልን ገይሮም ቈጸርዎ። እንተላይ እቲ ዓቢ ሰነፍልጠተኛ ቻርለስ ዳርዊን ንምርምር መንደል ከም ዝጉብኦ ገይሩ ኣይተረደኦን። በዚ ዝኣክል ምርምር መንደል በቲ ናይ ሽዑ እዋን ሊቃውንቲ ጸቢብ ወይ ድማ ብዙሕ ጥቕሚ ዘይብሉ ተባሂሉ ተገልጸ።

ገለኦም ድማ ባህርያት ወለዲ ብምግዕራ ናብ ውሉዶም ከምዝሰጋገር ብምግላጽ ንምርምር መንደል ብወግዒ ነጸግዎ።

እዚ ምስ ኮነ መንደል ናብቲ መጽናዕቲ ዘካይደሉ ደብሪ ተመልሰ'ሞ ኖቲ ጸቢብ ዝተባህለ መጽናዕቱ ገፊሕ ምኻኑ ከርኢ ተበገሰ። ኣብ ኣትክልቲ ጥራይ ንዝነበረ ምርምሩ ከኣ ኣብ ኣንጭዋ'ውን ፈተኖ። ኣብቲ ደብሪ ሓለቓ ካህናት ዝነበረ ካህን ግን ንምርምር መንደል፡ ብፍጡራት እዝጊሔር ከም ምልጋጽ ገይሩ ስለ ዝቖጸሮ ተቓወሞ።

መንደል ካልኦት ምርምራት እውን ኣካይዱ'ዩ። ኣብ ምፍራይን ምድቓልን ንህቢ ዘካየዶ መጽናዕቲ ነይሩዎ። በቲ ግዜ'ቲ ዝርደኣ ስለ ዘይረኸበ ግና ምርምሩ ናብ ሓፋሽ ከይወጸ ተጎናዲቡ። ካብ ምድቓልን ተወርሶን ሰጊሩ፡ ኣብ ኣስትሮኖሚን ሚትዮሮሎጂን ዘካየዶ ፈተነታት እውን ከም ዝድለ ኣይተወርየን።

መንደል፡ ንሰነ-ፍልጠታዊ ምርምሩ ኣብ 1868 ኣብ'ቲ ዝተማህረሉ ጉዳም ገደፎ። ብሕማም ዝኣክል ድማ ኣብ ጥሪ 1884 ካብ ዓለም ብሞት ተፈልየ።

ድሕሪ ዕረፍቲ መንደል፡ ብዙሓት ሰነፍልጠተኛታት ብሕልፊ ድማ ተማራመርቲ 'ተወርሶ' ንምርምራቱ ከም መሰረት ገይሮም ሰሪሖም'ዮም። ኣብ ዓውዲ ባዮሎጂ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ትምህርቲ ምውርራስን ጂንን ኣተኩሩ ዘካየዶ ጽዑቕ መጽናዕቲ ክሳብ ሎሚ ዕለት ኣብ ዓለማዊ ካሪክለም ይሰርሓሉ'ዩ። ኣብ ዕዮ ሰነ-ውርሻ ዓቢ ዕዮ ከም ዝገበረ ድማ መሰኻሪ ዘድልዮ ኣይኮነን። ኮይኑ ግን፡ ንምርምራት መንደል ብቐፈታዊ መገጽር ዝርእዩ ሰነፍልጠተኛታት ኣይተሳእኑን። 'ምርምራት መንደል ብዙሕ ግምት ዝሓወሱ ምኻኖም ብምሕባር ዝቕፍ ንኣብነት፡ ሰነፍልጠተኛ ፊሸር እዩ። ንሱ ኣብ ዝጸሓፎ ነቐፌታዊን መጽናዕታዊን ቴማ፡ ነቲ መንደል ረሰሲቭን ዶሚናንትን ኢሉ ዝኸፍሎ ዓቢ መኽፈሊ (ብሕልፊ ኣብ ካልኣይ ወለዶን ድሕሪኡን) ብምልክት ሕቶ ይጥምቶ። ፊሸር ዘቕረቦ ነቐፌታዊ ትንታኔ ብምጽራር ንምርምር መንደል ዓቢ ግምትን ትርጉምን ዝህቡ ፍልጠተኛታት ግና ማእሊያ የብሎምን።

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሳብሮም ሽባብ



## ሓዳስ ኮኾብ

# ሕጽይቲ “ባህላዊት ሙዚቃ ሽልማት ኮራ” ድምጻዊት ሻም ገሹ

ብኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ-ዕቋር)




ድምጻዊት ሻም ገሹ ኣብ ሰሌዳ ሕጹያት ሽልማት ኮራ

ሸውዓተ ሚእት ሚልዮን ተዓዚቡቲ ኣለውዎ። ንዕውት ወይ ዕውቲ ድማ ካብ 20,000 ክሳብ 1 ሚልዮን ዶላራ ኣሜሪካ ዝበጽሕ ገንዘባዊ ሽልማት ምስ ዋንጫ ይሽልም። ኣብ ምድሪ ኣፍሪቃ ካብ ዝካየዱ ውድድራት ድማ ቀዳማይ ደረጃ ይሕዝ፣ ሽልማት ኮራ። ካብ ጥሪ ክሳዕ ሓምለ ኣብ ዘሎ ግዜ ንዝፈረዩ ሙዚቃዊ ስርሓት ብምምማይ፡ ኣብ መጋቢት ሽልማቱ ይዕድል። ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ድማ ኤርትራዊት ድምጻዊት ሻም ገሹ ኣብ ማእከል ሕጹያት ባህልዊ ሙዚቃ ጓል-ኣንስተይቲ ትርከብ።

ኣብ ማእከል ጥበብ'ያ ቦቒላ። ካብ ሙዚቀኛ ኣቦን ድምጻዊት ኣደን ኣብ ሂምቦል ብ14 ግንቦት 1991 ተወሊዳ። ኣእዛና ንህርመታት ሳክስፎንን ቅኒት ጕሮሮን እናሰምዐ ብምዕባዩ ስነ-ጥበብ መፋጥርታ ንክኸውን ድርኺት ነይርዎ እዩ። ገና ኣብ ጊንዳዕ ተማሃሪት መዋእለ ህጻናት ከላ ድማ ንዕዮ ጥበብ ኣሃዱ ኢላ ፈሊማቶ። ዕድመ ግርዝውና ምስ በጽሓቶ ኣብ ሃማመተኤ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብምጽንባር ንዕዮ ጥበብ “ናትካ'የ” በሊቶ። ኣብ 2007 ኣብ “ቤት ምንዓርሽ” ትብል ፊልም ናብ ዓይኒ መላእ ህዝቢ ተቐልቀለት። ኣብዛ ፊልም ናይ ተሓጋጋዚት ጠባይ ሒዛ ትዓዪ ነይራ። ኣብ ከምዚ ኢጋጣሚ እምብኣር እታ ቀንዲ ጠባይ ሒዛት ትዋሳእ ዝነበረት፡ ዝተውሃበታ ደርፊ ምምጻእ ሰኣነታ። ሰራሕቲ ፊልም ድማ ንሻም ፈተንዋ። ንሳ'ውን ጕሮርኣ ኣንጕድጕዶ። ነታ ፊልም ዝተኻታተሉ ድማ እታ ድምጻዊት ሻም ምዃና ኣስተብሃሉ። ኣብ መዓልቲ ናጽነት ምስ ድምጻዊ ወዲ ብሉሕ ብምዃን “ኣናማትእሌካ” ትብል ደርፊ ኣብ ባሕቲ መስከረም ደረፈት። ብድሕሪ'ዚ ተውለ ምዃና ኣመስከረት። ኣብ ሃገራዊ በዓላት ብዘይ ምቍራጽ ብጽምዲ ደረፈት። ብ2007 ናይ በይና ንጽል ደርፈ ሒዛ ኣብ ጽምብል በዓል ናጽነት ተራእየት። በዛ ቀዳመይቲ ናይ ውልቃ ደርፊ ድማ ሻብዓይ ደርጃ ብምሓዝ ኣብ ፌስቲቫል ኤርትራ ተሸለመት።

***

“ኵሒል ጎተና ህድሞ

ናዓ 'ዚ ዕላለይ ጠዓሞ

ኣዋግዓኒ ክመጸካዶ ትመጸኒ

ክመጸካዶ ቡቲ እምባ

ክመጸከዶ ቡቲ ሩባ

ምኽኣል ስኢነ ሓምቢረይ

ከይረኣኹኻ ከመይ ኢለ ክሓድር

ንኪድ ንኺድ በረኻ

ኵሒል እንተ መሰየልና...”

ከም ድምጻዊት ሄለን መለስ ንምዃን ናይ ቀትርን ለይትን ሕልማ'ዩ ነይሩ። በዚ ድማ ወትሩ “ሄለን ሞዴለይ እንድያ። ኣነስ መዓስ'የ ከምኣ ዝኸውን?” ትብል ነበረት። ንዕቤታ ናህራ ክትውስኽሉ ብምሕላን ድማ ናይ ካልኣይ ደርጃ ትምህርታ ናብ ኣስመራ ብምምጻእ ክትቕጽሎ ጀመረት። ንስነ-ጥበባዊ ዕዮኣ ምስ ጕጅለ ባህሊ ኣሰር ብምዃን ተተሓሓዘቶ።

ኣብ ጕጅለ ባህሊ ኣሰር መሳርሕታ ዝነበሩ ብቋንቋታት ትግረን ዓረብን ክትደርፍ ምስ ረኣይዋ፡ ብትግርኛ ክትደርፍ ኣተባብዕዋ። ሻም ነዚ ሓሳብ ኣይተሓሰመቶን። ዘይፍትን ብምባል ድማ ነዛ ብገጣምን ዘያምን መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል) ዝተደርሰት “ጐተና ህድሞ” ትብል ደርፊ ደረፈታ። መሳርሕታ ድምጻን ክእለታን ክኹላዕ ምስ ኣስተብሃሉ፡ ቪድዮ ክሊፕ ሰሪሓ ምስ ህዝቢ ክተላልያ ደፋፍእዋ። ንሳ ግን ንሓሳቦም ብዙሕ ግምት ኣይሃበቶን።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ንመተዓቢታን መሓዝኣን ዝኾነ ዳይረክተር ዳኒኤል ጠዓመ ነዛ ጐተና ህድሞ ትብል ደርፊ ኣስምዓቶ። ዳኒኤል ነዛ ደርፊ ምስ ሰምዓ ክሊፕ ከም ዘድልያ ከስተብህል ግዜ ኣይወሰደን። ብዕዮ ክሊፕ ተመኵሮን ክእልትን ዘጥረየ ብምዃኑ ድማ ንሻም ብምድፋፋእ ብክሊፕ ዓየያ። ብድሕሪ'ዚ ሻምን እዛ ጐተና ህድሞ ደርፊን ተረሳስዓ።

***




ሽልማት ኮራ፡ ንሽልማት “ኣሜሪካን ግራሚ ኣዋርድ” ክዳረግ ተባሂሉ ብ1994 ብኢ.ምስት ኤጆቪ ተመስሪቱ። እዚ ዓመታዊ ብሉጽ ሙዚቃዊ ፍርያት ዝሸልም ኮራ ብ1996 ፈላማይ ሽልማቱ ዓደሉ። ብድሕሪ'ዚ ብዘይካ ሓንሳብ ኣብ በርኪናፋሶን ኣይቮሪኮስትን ንዓሰርተ ግዜ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ተኻይዱ። ብ2015 ብዝተበጽሐ ስምምዕ መሰረት ድማ ብቐዋንት ዓመታዊ ኣብ ናሚብያ ክካየድ ተወሲኑ። ሽልማት ኮራ ኣብ 26 ጨናፍር ሽልማቱ ክዕድል ከሎ፡ መበል 27 ድማ ዝበለጸ ስነ-ጥበበኛ ናይዚ ዓመት ብምባል 1 ሚልዮን ዶላር ሽልማት ይህብ። ሽልማት ኮራ ንኣህጉር ኣፍሪቃ በብዞባ ብምምቃል ምብራቕ፡ ምዕራብ፡ ደቡብ፡ ሰሜን ከምኡ'ውን ድያስፖራ (ኣብ ውሽጢ ኣፍሪቃ ወይ ኣብ ወጻኢ ንዝርከቡ) ይዕድል። ሓንቲ ስነ-ጥበባዊት ፍርያት ሽልማት ኮራ ክትዓትር እንተ ኾይና ክተማልኦም እትግደድ ረቛሒታት ኣለዋ።

1. እዚ ሽልማት ንኵሉ ኣፍሪቃዊን ኣብ ውሽጢ ኣፍሪቃ ወይ ወጻኢ ዝቕመጥ ክፉት እዩ።

2. እቲ ንውድድር ዝቐርብ፡ ካብ 1ጥሪ ክሳዕ 15 ሓምለ ዝፈረየ ክኸውን ኣለዎ።

3. እቲ ንውድድር ዝቐርብ ፍርያት ብቕዓቱ ዝሓለወ ኹይኑ፡ ኣብ ኩሉ መሳርሒታት (CD player) ክንበብ ብዝኽእል ክቐርብ ይግደድ። ከምኡ'ውን ክሳዕ 20 ሓምለ ኣብ ዘሎ ግዜ ናብ ኣዳለውቲ ኮሚተ ክቐርብ ኣለዎ።

ብድሕሪ'ዚ በታ ኮሚተ ምጽራይ ይካየደሉ። ነዚ ዕዮ ሰጊሩ ድማ እቲ ፍርያት ብጸታን ዓይነትን ተፈላልዩ፡ በብዞባኡ ተኸፋፊሉ፡ ሸሹድሽተ ሕጹያት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ጨንፈር ናብ ፍጻመ ይሓልፉ። ብጠቕላላ ድማ 156 ተወዳደርቲ ኣብ ፍጻሜ ይቐርቡ። ካብ 20 ጥሪ ኣትሒዙ ኸኣ ብህዝቢ ምርጫ ይካየድ። ብህዝቢ ዝተረኽበ ድምጽን ብኣዳላዊት ኮሚተ ዝተገብረ ምጽራይን ድማ ኣብ ወርሓት መጋቢት ዕውት ይፍለ።

***

“ኵሒል ጎተና ህድሞ

ናዓ 'ዚ ዕላለይ ጠዓሞ

ኣዋግዓኒ ክመጸካዶ ትመጸኒ...”

ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ሽልማት ኮራ ኤርትራዊት ድምጻዊት ሻም ገሹ ተሓጺያ ትርከብ። ሻም ገሹ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ምብራቕ ኣፍሪቃ ብ“ባህላዊት ብልጽቲ ሙዚቃ” ምስ 5 መዋዳድርታ ኣብ ቅልስ ትርከብ።

ሻም ምልስ ኢላ ዛንታ “ጐተና ህድሞ” ክትዝክሮ ከላ፤ ዳይረክተር ዳኒኤል ጠዓመ እንተ ዘይደፋፍኣ ነዛ ክሊፕ ክትሰርሓ ከም ዘይሓሰበት ትዛረብ።

ሻም ብንእስነታ እንተ ኹይንላ ክሳብ ጕረባብቲ ሃገራ፡ እንተ ዘይኩይንላ ድማ ኣብ ሃገራ ጥራይ ፍልጥቲ ድምጻዊት ክትኸውን'ዩ ነይሩ ሕልማ። ብዘይተጸበየቶ ኢጋጣሚ ብ“ጐተና ህድሞ” ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ሓዳስ ኮኾብ ኰይና ተቐልቀለት።

ሻም ኣብ ጽምብላት ዕለተ-ልደት ብዙሕ ከም ዘይትግደስ'ያ ትዛረብ። 25 ዓመታ ግና ብሩራዊ እዮቤልዩ ከም ምዃኑ መጠን ብዓቢ ጽንብል ክትሕልፎ ትምኒታ'ዩ ነይሩ። ከምቲ “ተመኒዩ ክትረኽቡ” ዝብል ቃል ድማ ትምኒታ ሰሚሩ። ኣብ 25 ዓመታ፡ ኣብ 25 ዓመት ናጽነት ሃገራ፡ ሕጽይቲ ኮራ 2016 ኰይና ትርከብ። ከምቲ ዳኒኤልን ግርማይን ንኤርትራ ግርማ ዘጕዘምዋ፡ ኣብ ብሩራዊ እዮቤልዩ ናጽነት ኤርትራ ንሃገራ ክብሪ ክተውህባ ትምኑ። ሓሳባ ክውን ክኸውን ግን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኮራ ብምእታው ድምጾም ክህቡ ትጽውዕ። ናብዚ ክብሪ ክትበጽሕ ዘኽኣልዋ ስድራቤታ፡ ጕጅለ ባህሊ ሶይራ፡ ስነ-ጥበብኛ ዳኒኤል ጠዓመ ድማ ብልቢ ተመስግን።

ነዛ ሓዳስ ኤርትራዊት ኮኾብ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኮራ ብምእታው ኣብዚ ካብ 20 ጥሪ ጀሚሩ ዘሎ ድምጺ ናይ ምሃብ መስርሕ ድምጽና ንሃባ። እዚ ጽምብል 20 መጋቢት ብቐጥታ ብሰለስተ ማዕከናት ተለቪዥንን ሬድዮን፡ ብ55 ናይ ኢንተርነት መስመራትን ክመሓላለፍ እዩ።

ኣብ መወዳእታ “እዚ በጺሕኪዮ ዘለኺ ደረጃ ወይ'ውን ሽልማት ንመን ምሃብኪዮ?” ብምባል ምስ ተወከስናያ፡ “ኣብ መጀመታ ነዛ ደርፊ ብክሊፕ ክዳልዋ ኣይሓሰብኩን ነይረ። ዳኒኤል ግን ዘድሊ ሓገዝት ብምግባርን ባዕሉ ብምእላይን ክትስራሕ ኣኽኢሉዋ። ስለዚ እዛ ደርፊ ናቱ እያ፣ ኣብዚ ውድድር ኮራ ይተዓወት ኣይተዓወት እዚ ደረጃ ናቱ እዩ፡” ትብል። ንሕና'ውን ንሻም ገሹ ዓወት እናተመነና፡ ኵሉና “ኮራ ኣዋርድስ” ኢልና ብምእታው ድምጽና ክንህባ ንምሕጸን።

***



ዳይረክተር ክሊፕ “ጎተና ህድሞ” መንእሰይ ዳኒኤል ጠዓመ

# ንጽፍልጠ

ጆሜ/ ደጀን ተኽለ

## ደብዳበ ፍቕሪ

### ዘይንስኻ ክትከውን ኣይትድለ

ጆማል፡ ካብ መዓሙቕ ልበይ ዝፈልፈለ ፍቕራዊ ስምዒታይ ይብጽሓኻ፡፡ ፍቕሪ ከምዚ ገይሩ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽሩ ከእትወኒ'ዩ ኢለ ሓሰብ እፈልጥ ኣይነበርኩን፡፡ ምሳኻ ኣብ ዝራኸብሉ ኢጋጥሚ እዚ ክብሎ ዘይክእል ጋሻ ስምዒት ክስምዓኒ ካብ ዝጀምር ግን ሓጺር ግዜ ኣይገበረን፡፡ ንሸኻ'ውን ምሳይ ኣብ ትህልወሉ ግዜ ክትሕጎሰን ፍሰሃ ክስመዓካን ተዓዚበ'የ፡፡ ምቅርራብና ምሉእ ርእሱተኣማንነት ስለ ዝፈጠረለይ ድማ ደፍር ኢለ ፍትወተይ ክገልጸልካ ኣይተጸገምኩን፡፡ ግና ብሓገስ ክትቅበለኒ'ምበር ፍትወትካ ቀቢርካ ልበይ ደም ከተንብዓ ዝበል ግምት ኣይነበረንን፡፡

ጆማል፡ ስራሕ'ምበር ካልእ ኣየራኽበናን፡፡ እቲ ዕለታዊ ኣብ ስራሕ እንራኸቦ'ዩ ዝኸውን ድማ ኣብ ልዕሌኻ ክጸሮ ዘይክእል ፍትወት ኣሕዲሩለይ፡፡ ግደ ሓቂ ትሕትናኻ፡ ሓልዮትካ፡ ናይ ስራሕ መንፈስካ ዘቐንእ'ዩ፡፡ ኩለንትናኻ ቀልበይ ክሰርቕ ግዜ ኣይወሰደን፡፡ ሰሓቕካ፡ ዋዛኻ ዋላ ኣብ ቤተይ ምስ ኣተኹ'የም ኣብ ሓሳበይ እናተመላለሱ ዘቕጀሉኒ፡፡

ጆማል፡ ኣዒንተይ ክርእያኻ ኣእዛነይ ጥዑም ቃና ድምጽኻ ክሰምዓ ዘለወን ህርፋን ክዕግርካ ኣይክእልን'የ፡፡ ቀትሪ ሓሊፉ'ኻ ለይቲ'ኳ ብኣኻ ክሓስብ ሰለም ከየበልኩ እሓድር ኣለኹ፡፡ ኣብ ስራሕ'ውን ምስ መሳርሕተይ ብዘየኹሃን ዘይከሃን ስምካ ከልዕል ኣመና'የ ባህ ዝበለኒ፡፡ ፍቕሪ እንታይ ዘይገብር!

ጆማል፡ እናቐረብኩኻ ትርሕቐኒ ከም ዘለኻ ኣኳይዳካ እዕዘቦ ኣለኹ፡፡ ኣረ ኣሸከዕላል ሓዊሰኻለ፡፡ ኑቲ ብስራሕ እንራኸቦ'ውን ካልእ ትርጉም ትህቦ ኣለኻ፡፡ ልበይ ግን መመሊሳ ፍትወትካ ክገዳ'ምበር ክትቀብጸካ ፈጺማ ኣይክኣለትን፡፡

ጆማል፡ ደገኻ ኣንጻር ወሸጥኻ የንጸብርቕ ከምዝሎ ገጽካ ይምስክር ኣሎ፡፡ 'ጓቢዳትለይ' እናበልካ ምስ ኩሎም መሳርሕትና ተዕልል ከም ዘለኻ በጺሑኒ ኣሎ፡፡ ረሳዒ ደኣ ኳንካ'ምበር፡ ኣብዚ ትካል እግረይ ምስ ኣተወት ደስ ኢልካኒ ኢልካ ዝተሳለኻኒ ባዕልኻ ኢኻ፡፡ ኣብ ቅድሚ ብጾትካ ዘይንስኻ ክትመስል ክትብል ግና ዳሞገይ ክትረኽቦ ዘይትኽእል ምቁር ፍቕሪ ትኸስር ከም ዘለኻ ዝተረደኣካ ኣይትመስልን፡፡

## ምውት ባሕሪ



ምውት ባሕሪ፡ ኣብ ደብዓዊ ጫፍ ወሸመጥ የርዳኖስ ካብ ጸፍሒ ባሕሪ 1,300 ጫማ ለጠቕ ኢሉ ዝርከብ፡ 'ዝተሓተ ክፋል ዓለምና' ተባሂሉ ኣብ መዛግብቲ ዝሰፈረ'ዩ፡፡

እዚ ባሕሪ'ዚ ኣብ ካልኣይ ክፍለዘመን ድ.ል.ክ እዩ ምውት ባሕሪ ተባሂሉ ክጽዋዕ ጀሚሩ፡፡ ቅድሚኡ ግን ጨዋም ባሕሪ፡ ባሕሪ ኣራባሕንን ምብራቓዊ ባሕሪን ተባሂሉ ይጽዋዕ ከም ዝነበረ ይዝከር፡፡ ብዘይካ'ዚ ብዙሓት ሃገራት ዓረብን ጥንታውያን ከተማታት ማእከላይ ምብራቕን፡ ነዚ ባሕሪ'ዚ 'ባሕሪ ሎጥ' ኢለን ይጽውዕኦ ከም ዝነበራ ይፍለጥ፡፡

ምውት ባሕሪ፡ ካብ ሰሜን ንደቡብ 8 ኪ.ሜትር ንውሓት ክህልዎ እንከሎ፡ ጉኑ ኸኣ ኣስታት 16 ኪ.ሜትር ይበጽሕ፡፡ እዚ ባሕሪ'ዚ ካብ ሩባ የርዳኖስ ዝምንብ ኩይኑ፡ ሸዱሽተ ሚእታዊት ትሕዝትኡ ጨው'ዩ፡፡ ኣዝዩ ጨዋም ብምዃኑ ድማ ዝኾነ ናብኡ ዝተደርበየ ነገር ቀልጢፉ ኣይጥሕልን፡፡ ብሰሪ ምሕፋስ'ቲ ማይ ዝፍጠር ጸቕጢ ኣየር፡ ነገራት ንላዕሊ ጸብለል ከም ዝብሉ ይገብሮም፡፡ ሓፈሻ ብምዃኑ'ውን ህድእ ዝበለ'ዩ፡፡ ካብዚ ዝቕጽል ድማ'ዩ ምውት ባሕሪ ተባሂሉ ዝጽዋዕ፡፡

ምውት ባሕሪ ብዘይካ ንጨው ናይቲ ባሕሪ ዝጻወሩ ሒደት ንኣሽቱ ፍረታት፡ እንስሳታት ይኹኑ ኣትክልቲ የብሉን፡፡ ይኹን'ምበር፡ ኣብ ወሸጡን ከባቢኡን ብዙሓት ማዕድናት ከም ዘለዋ ይፍለጥ፡፡

ምውት ባሕሪ ቡቲ ተፈጥሮኣዊ ትዕድልቱን ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ታሪኻውያን ቦታታትን፡ ኣብ ዓመት ብሚልዮናት ዝቖጸሩ በጻሕቲ የኣንግድ፡፡

በሊ፡ ንፍዕቲ ድምጻዊት'ያ፡፡ ዓቕማ ዘመስከረትሉ እዋን ድማ ኣብ 30ታት ኣብ ኒውዮርክ ዝርከቡ ሻውላት (Getto) ሃርለም ኣብ ዝተባህለ ንእሽቶ ክለብ'ዩ ነይሩ፡፡

በሊ ብጸገም ዝዓበየት'ኳ እንተነበረት ሻንበቆ ብዘጥዕም ድምጻ ግና ንኹሉ ስዒራቶ'ያ፡፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ጌኑ ዝነበረ ናይ ዓሌትነት ፍልልይ ፈንጢሱ ኣብ መድረኽ ስጉምቲ ደሚቓ ተራእያ፡፡

በሊ ኣብ ስራሕ ስ ጥበብ ነዊሕ ከይጸንሐት ግና ኣብ ክሳራ ወዲቓ ኣብ ቤት-ማሕቡስ ድማ ተደርቢያ፡፡ እንኮ ትዕድልታን ጸጋን ዝነበረ ድምጻ ተበላሽዩ፡፡ ን12 ዓመት ግዜኣቲ ዕጹፋርስ ኩይና ተሳቒያ፡፡ ኣብቲ ጥዑም እዋን ብድምጻ ዝዓንደረትሉ ከለብት ኒውዮርክ ኣብ መድረኽ ንምስቃል ተኸልኪላ፡፡ ብ1959 ድማ ብሞት ተፈልያ፡፡

በሊ፡ ስራሓታ ካብ ልቢ ሰማዕቲ መዚቃ ፈጺሞም ኣይረሓቑን፡፡ ኣብ መዚቃ ጃዝ ድማ ሰማ ዓዚዙ ንረኽቦ፡፡

## ቢሊ ሆሊደይ መን'ያ?




## ኩናት ትሮጃን

ኣብ 1250 ቅ.ል.ክ፡ ኣብ ግሪኽ ኩናት ተወለዕ ነይሩ፡፡ ወሩይ ግሪኻዊ ገጣሚ ሆመር ኣብ 750 ቅ.ል.ክ ድማ ጠንቂ'ቲ ኩናት ዝምልከት ጽሒፉ'ዩ፡፡ ንሱ፡ ኑቲ ብኣፈ-ታሪኽ ዝረኸቦ ብዛዕባ'ቲ ኩናት ዝምልከት ሓበሬታ፡ ኣብተን 'ኢሊያድ'ን 'ኦዲሰይ'ን ዝስመየን ግጥምታቱ ብሸፃዚ ዝስዕብ ገሊጽዎ'ዩ፡፡

እቲ ኩናት ኣብ መንጎ ትሮይን ማይሰናይን ዝተባህላ ክልተ ግዝኣታት ግሪኽ'ዩ ተኻይዱ፡፡ እቲ ኩናት፡ ሄለን ብዝተባህለት ሰይቲ ንጉስ ማይሰናይ'ዩ ተበጊሱ፡፡ ሄለን ኣዝያ ምልክዕቲ'ያ ነይራ፡፡ ብመልክዓ



ዝተማሰጠ ወዲ ንጉስ ትሮይ ድማ ጨወዩ ስለ ዝወሰዳ፡ ግዝኣት ማይሰናይ ኣብ ልዕሊ ግዝኣት ትሮይ ኩናት ኣወጀ፡፡ እቲ ኩናት ድማ 'ትሮጃን ዎር' ተባሂሉ፡፡

ኣብቲ ዝተኻየደ መሪር ኩናት፡ ግዝኣት ማይሰናይ ውሕሉል ብልሕን ቴክኒክን ብዝተሓወሶ ስልቲ ኣብ ልዕሊ ግዝኣት ትሮይ ዓቢ ክሳራ ኣውሪዶም፡፡ ሄለን ድማ፡ ዓሰርተ ዓመት ኣብ ግዝኣት ትሮይ ክትቅመጥ ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ቤታ መለሰዋ፡፡


## ሕቶ እተመሳቐለ ቃላት

### ንትኹል

1. መግቢ ከብቲ
2. ተጻማዊ፡ ናባና ቅረባ
3. መጠራቐሚ ገንዘብ
4. ባህላዊ ግጥሚ
5. መርዚ ንህቢ
6. ቀልቀል ጤል
7. ዜና
9. ኣብ ፋዱስ ዝብኣዕ
10. ዕዮ፡ ተግባር፡ ንጥፈት
12. ቀስ ኢሉ ዝኸይድ እንስሳ
13. ዓቕን
14. ረጋ፡ ተርታ
15. ስላዕ
16. ጉዳያት ህዝቢ ዝሰምዕ
17. ግጥሚ፡ ናዕታ
20. የቐንጸለይ ምግቢ
22. ካብ ኣሕምልቲ
24. ትምህርቲ ዝቐሰም
26. ኡፉፉ፡ ነድሪ ቀሰለ
27. መተሓሳሰቢ ፈሳሲ
28. ዛሕሊ
33. ካብ ምቁራት ነገራት
35. እዝንኻ ከር ኣብልካ ምስማዕ
37. ገህሪ፡ ጭውት
38. ንጉስ እንስሳ
40. ዋዛ
41. ካብ ኣእካል
42. ኣረጊት
43. ንስብኣይ ዝወሃብ ናይ ክብሪ ቅጽል_
45. መባእስቲ ጀሪ
47. ምንኣስ ክልተ

### ንጋድም

1. ማዘርታ ዝሰራሕ ቅርጺ ሰብ
3. መምተሪ ሰጋ
4. ቤት ____
6. ኣብ ማይ ካብ ዝነብሩ
7. ጫፍ፡ ደንደስ፡ ገምገም
8. ካብ ኑዱዲ
10. ካብ ክዳውንቲ
11. ኣብ ገዛ ንማይ ንፋስ መከላኸሊ ዝግበር
13. ፈተና
16. ሕድገት ምግባር፡ ይቕረ ምሃብ
18. ኣንጻር ድፍኢት
19. ፈተኻ፡ ፈለጣ፡ ኣጽንዓ
21. ብፈትሊ ዝስራሕ መጋጸ
23. ጠይቃ፡ ተወከሰ
25. ፍሽለት፡ ካብ ውድድር ምውዳቕ
29. ካብ ጸወታታት
30. ናይ ዝሸየጡ ንብረት መዐቀኒ
31. ካብ ቀልቀል ከብቲ ዝርከብ መንደዲ ሓዊ
32. ዕጫ
34. ካብ ቆርበት ዝወጽእ ፈሳሲ
36. ካብ ክፋላት ናይ ገዛ
39. 'ራንዳ' ከምዝኣታ
41. ምፍናው
43. ታሽዓይቲ ፊደል እንግሊዝኛ
44. እንዳ ሞኮነ
46. ብራንዱ፡ ኮረደዩ
48. ህድኣት፡ ርግኣት፡ ፍቕሪ
49. ናይ ምስ ኣነ ኣሕጽሮት____



መም ያቆብ መርሃዊ (ጃኪ)

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com






# ውድድር 'ትሮፒካለ ኣሚሳ ቦንጎ' 2016 ተዛዚሙ

## ተስፎም፡ ብውህሉል ግዜ 4ይ ደረጃ ሒዙ ኣሮን ደብረጽዮን ኣንበሳ ዓቐብ ኮይኑ

ሸውዓተ መድረኻት ኣብ ዘጠቓለለ ውድድር ብሽክለታ ለ ትሮፒካለ ኣሚሳ ቦንጎ 2016፡ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ተስፎም ዑቕባማርያም ብውህሉል ግዜ ራብዓይ ደረጃ ሒዙ።

ትማሊ ሰንበት ኣብ ዝተኻየደ ሻውዓይን መዛዘምን መድረኽ ናይቲ ውድድር፡ ያሂኒ ካብ ክለብ ቫይታል ኮንሰፕት ዕውት ናይቲ መድረኽ ኮይኑ። ኣባል ክለብ ባይክ ኤይድ - ሜሮን ተሾመ ሻዱሻይ ተርታ ክሕዝ እንከሎ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ብሮጫ ናይ ክብሪ ማልያ ዝወደየ ተስፎም ድማ ሻሙናይ ብምኳን ምስ ቀዳሞት 10 ተሰሪዑ።

ብውህሉል ግዜ፡ ተስፎም ዑቕባማርያም ብ25 ካልኢት ፍልልይ ካብ ዕውት ናይቲ ውድድር ተቐዳዳማይ ክለብ ዳይረክት ኤነርጂ - ኣድርያን ፐቲት 4ይ ደረጃ ክሕዝ እንከሎ ኤልያስ ኣፈወርቂ ድማ ብ47 ካልኢት ድሒሩ ዓስራይ ኮይኑ።

ኣሮን ደብረጽዮን ኣብ መወዳእታ ክልተ መድረኻት ብዘዋህለሎ ነጥቢ ኣንበሳ ዓቐብ ናይቲ ውድድር ብምኳን ሓጉቲ ካብ ናይ ክብሪ ማልያታት ወደዩ። የናታን ሃይሉ ሻውዓይ ደረጃ ናይዚ ውድድር ሒዙ። ብተመሳሳሊ የናታን፡ ኣብ ውድድር ብሉጽ መንእሰይ እውን ሻውዓይ ደረጃ ክሕዝ ክኢሉ ኣሎ።

ብጋንታ ደረጃ ድማ ኤርትራ 4ይ ተርታ ሒዛ።

ቅድሚ ሕጂ 8 ግዜ ኣኪታቲሎም ኤውሮጳውያን ተቐዳደምቲ ክዕወትሉ ንዘጸንሑ ዙር ጋቦን፡ ኣብ 2014 ኤርትራዊ ናትናኤል ብርሃነ ቀዳማይ ኣፍሪቃዊ ዕውት ምኳኑ ይፍለጥ።

** ** **

# ሃገራዊ ውድድር ጉያ መሮር 2016

ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ዓመታዊ ካብ ዘካይዶም ብዓሁቲ ሃገራዊ ውድድራት ሓደ ዝኾነ ውድድር ጉያ መሮር ብሰንበት 24 ጥሪ 2016 ኣብ ዞባ ማእከል ከባቢ ዓዲ-ኣቤቶ ኣካይዱ።

ኣቡቲ ኣማሓዳሪ ዞባ ማእከል ሜ/ጀ. ሮመዳን ዑስማን ኣወልያይ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ሓለፍቲ ኮሚቴ ኦሎምፒክን ሃገራውያን ፌደረሽናት ከምኡ'ውን ስድራቤት ኣትሌቲክስን ብርክት ዝበሉ ኣፍቀርቲ ስፖርትን ዝተረኽቡሉ ውድድር፡ ሱታፌ ዞባታት ዘንቀልቀለሉ'ኳ እንተነበረ ኣብ ሞንጎ ኣትሌታት እቲን ኣቡቲ ውድድር ተማሊኦን ዘይቀረባ ዞባታት ዝተረኣየ ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ግና ዝምስገን ነበረ።

ዓመት መጺ ግን ሱታፌ ዞባታት ብሸሉ መዳዩ ክሰድል ይርአ ብምህላው ከም ውጽኢቱ ድማ ዝንጸባረቐ ተወዳዳርነት ኣብ ወሰናት ዞባታት ጥራይ ይሕጸር ስለዘሎ ንዕቤትቲ ዓውዲ ዝሕግዝ ከምዘይኮነ መስከሩለይ ኣየድልዮን። ብፍላይ ኣብዚ ናይ ጉያ መሮር ዓውዲ እታ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ሓያለ ስሞምን ስም ሃገርም ዘጸውዑ ኣትሌታት ዘፍረየት ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣብ ድሮ እቲ ሃገራዊ ውድድር ካብ ውድድር ምብኳራ ማዕረ ክንደይ ካብ ንጡፍ ሱታፌ ሃገራዊ ውድድራት ንድሕሪት ትተርፍ ምህላዋ ዘርኣየ ፍጻመ'ዩ ነይሩ። ብዘይካዚ ሃገራዊ ውድድር መጺ ዝርኣ ዘሎ ምንቁልቋል ቁጽሪ ደቀንስትዮ ኣትሌታት ዝበርኸሉ ባይታ ቡቲ ሃገራዊ ፌደረሽን ክናደ ኑቲ ናይ ሰንበት ረፍዲ ውድድር ብቐርበት ዝተኸታተሉ ተዓዘብቲ ከየዘኻኸሩ ኣይሓለፉን።

ኣቡቲ ብኸልቲኡ ጾታታት ዝተኻየደ ውድድር ንዝተመዝገበ ውጽኢት ምስእንርኢ 6 ኪ/ሜ ውድድር ዝሸፈና ጁንየር ተወዳደርቲ ደቀንስትዮ ኣትሌታት ኪዳኑ ተሾመ - ብውልቂ፡ ኖቢያት ኣብርሃም - ማእከል፡ የሃና ገዘኢ - ማእከል፡ ፋኑስ ኣለም - ደቡብ፡ ንጸሃ ንገሰ - ደቡብ፡ ለምለም ተኽለብርሃን - ደቡብ ብምኳን ክዕወታ እንከለዋ፡ ልዑል ብቕዓት ትስፉው ኣትሌት ዞባ ማእከል ኣሮን ክፍለ ኣብ ዝተንጸባረቐሉን ብዓወቱ ኣብ ዝተዛዘመን ናይ 8 ኪ/ሜ ውድድር ጁንየር ደቂተባዕትዮ ኣትሌታት መኰንን ሹማይ - ደቡብ፡ ደጀን ትኳቦ - ማእከል፡ ዓወት ሃብቱ - ደቡብ፡ ምዕባለ ዓንደሚካኤል - ማእከል፡ ፊልሞን ዓንደ - ደቡብ ካብ 2ይ ክሳብ 6ይ ዝዘሎ ደረጃታት ሒዞም።

ኣብ መንጎ ሸውዓተ ናይ ሲንየር ኣትሌታት ደቀንስትዮ ዝተኻየደ ናይ 8 ኪ/ሜ ውድድር ድማ፡ መርሃዊት ግደ - ብውልቂ፡ የሃና የማነ - ሚኒ/ምክልኻል፡ ራሕማ መሓመድ - ማእከል ዕውታት ብምኳን ንሽልማት ዝበቕዓ ኣትሌታት እየን። ኣብ መዛዘሚ'ቲ ሃገራዊ ውድድር ኣብ ዝተኻየደ ናይ ዓበይቲ ደቂተባዕትዮ ናይ 12 ኪ/ሜ ውድድር ኣትሌታት ዞባ ደቡብ ጺጋይ ጥዑማይን ሙሉ ዓንዶምን ተመራሪሖም ብምእታው ክዕወቱ እንከለዉ፡ ንዕኦም ስዒቦም ሙሴ በረኸት ናይ ማእከል፡ ዘርኢትን ካብ ምክልኻል፡ ብርሃነ ኣማኑኤል - ደቡብ ከምኡ'ውን ተስፉይ ኣልኣዛር ሚኒስትሪ ምክልኻል ክሳብ ሻድሻይ ዝዘሎ ደረጃታት ብምሓዝ ውድድሮም ፈጺሞም። ብናይ ጋንታ ውድድር ድማ ካብ ደቂተባዕትዮ ማእከል ብመእሰያት ደቡብ ድማ ብዓበይቲ ንሽልማት ክበቕዓ እንከለዋ ብደቀንስትዮ ግን ንውድድር ዝቐረባ ዞባታት ክልተ ጥራይ ብምንባረን ቡቲ ፌደረሽን ዝተዳለወ ናይ ጋንታ ሽልማት ኣይተዓደለን።

ኑቲ ዝተኻየደ ሃገራዊ ውድድር ኣመልኪቱ ዋና ጸሓፊ ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ኣቶ ታደሰ ጉብሩ ኣብ ዘስምዖ ቃል እቲ ሃገራዊ ፌደረሽን ኑቲ መሰረት ኩሉ ዓውድታት ኣትሌቲክስ ዝኾነ ውድድር ጉያ መሮር ኪንዮ መፈተሺ ውሽጣዊ ዓቕሚ ብደረጃ ሃገር ኣብ ኣህጉራዊ ውድድራት ብሉጽ ውጽኢት ክምዝገበሉ ሓያል ጻዕርታት ክካየድ ምጽንሑ ብምምልካት ኑቲ ዝጸንሐ ደረጃ ዓቂብካ ኪንኡ ንምስዓም ዞባታት ኣብርክቶኦን ከዕዝዛ ኣዘኻኺሩ። ኑቲ ሃገራዊ ውድድር ንምዕዋት ኩሉመዳያዊ ምድግጋፍ ንዝገበሩ ኩሎም ኣካላት ብሓፈሻ ንምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ኣቤቶ ድማ ብፍላይ ብስም ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ምስጋንኡ ኣቕሪቡ። ኣብ መዛዘሚ'ቲ ሃገራዊ ውድድር ዕውታት ኣትሌታትን ጋንታታትን ዝተዳለወለን ናይ መዳልያ፡ ዋንጫን ሽልማትን ካብ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ኣካያዲ ስራሕ ምም/ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃንን ካልኦት ዝተፈላለዩ ሓለፍቲን ዕዱማት ኣጋይሽን ምቕባሎም ህዝባዊ ርክባት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣፍሊጡ።




# ስፖርታዊ ውድድር ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ተዛዚሙ



ስፖርታዊ ውድድር እዚ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ብቐዳም 23 ጥሪ፡ ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ሜጀር ጀነራል ሑመድ መሓመድ ካሪካረ፡ ሓላፊ መኮኣን ሓበሬታን ጎስጓስን ሚኒስትሪ ምክልኻል ብርጋደር ጀነራል ተኽለሚኬል ሃብቱ፡ ካልኦት ዕዱማት ኣጋይሽን ኣፍቀርቲ ስፖርትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ብኹብ ዝበለ ስነ ስርዓት ኣብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ተዛዚሙ።

ኣቡቲ ዕለት ዋንጫ ኵዕሶ እግሪ መን ዓተረ ንምኽያድ ሓራትን ኣውካንን እየን ገጢመን። ኣቤል ተኽለብርሃን ኣብ መበል 17' ከምኡ ድማ፡ ሰለሙን ነጋሲ ኣብ መበል 22 ደቓይቕ፡ ብዘመዝገብወን ክልተ ሸቶታት፡ ኣውካን 2-ብ0 መሪሓ ንዕረፍቲ ወጺት።

ግጥም ካልኣይ እብረ፡ ካልእ መልክዕ እዩ ሒዙ። ሓራት ንጸወታ ፍጹም ብምቁጽጻር፡ ሓያለ ፈተነታት ኣካየደት። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ኣብ መበል 85' ሓበን ሃብቶም ከምኡ ድማ፡ ኢታኽልቲ ተኽለ ኣብ መበል 87 ደቓይቕ ኣከታቲሎም ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ ንውጽኢት ጸወታ ኣመዓራረዩ። ኣብ መበል 90 ደቒቕ ሓለቓ ጋንታ ኣውካን ሳሚኤል ተኽለ (ጣልዕ)፡ ብዝፈጸሞ በደል ብኸልተ ብጫ፡ ብቐይሕ ካርድ ተባሪሩ። ብድሕሪዚ ተዓዋቲት ንምፍላይ ናብ ፍጹም ቅላዕ እየን ኣምሪሐን። ሓራት 4-ብ2 ብምዕዋት ድማ፡ ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ኮይና። ኣውካን ካልኣይቲ በካዕ ድማ ሳልሰይቲ ኮይነን ውድድረን ፈጺመን።

ጋንታ በካዕ፡ ኀብለል ውድድራት ሓይሊ ባሕሪ 2015/16 ብምኳን ዓባይ ዋንጫ ተሸሊማ።

ኣውካን ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ደቂ ተባዕትዮ ክትኮውን እንከላ፡ ኣብዚ ውድድር ዳህላክ ካልኣይቲ ገደም ከኣ ሳልሳይ ደረጃ ብምሓዝ ተሸሊመን። ብተመሳሳሊ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዘካየደኦ ውድድር፡ ገደም ሻምፕዮን ክትኮውን እንከላ፡ ኣውካንን በካዕን ድማ ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ብምኳን ውድድረን ዛዚመን።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ገምገም ባሕሪ (ቢች ቮሊቮል) ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣውካን ቀዳመይቲ፡ በካዕን ገደምን ድማ ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ወጺኦን። ኣብ ተመሳሳሊ ዓይነት ስፖርት፡ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዘካየደኦ ውድድር፡ ገደም፡ ሃርሚልን ኣውካንን ብተኸታታሊ ተዓዊተን።

ጉታ ገመድ ደቂ ተባዕትዮ ገደም፡ በካዕን ኣውካንን፤ ብደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ኣውካን፡ በካዕን ማዶትን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ብምውጻእ ተዓዊተን።

ፊልሞን ጥዑምዝጊ ካብ ጋንታ በካዕ ብሸዱሽተ ሸቶታት ኮኾብ ኣመዝጋቢ ሸቶ ውድድር ኵዕሶ እግሪ ብምኳን ተሸሊሙ።

ፋኑኤል ኀይትኦም ብተመሳሳሊ ካብ ጋንታ በካዕ ኮኾብ ተጻዋታይ ኵዕሶ እግሪ ኮይኑ።

ሳምሶም ሙሴ ካብ ጋንታ ዳህላክ ብሉጽ ተጻዋታይ ኵዕሶ መርበብ ደቂ ተባዕትዮ ተባሂሉ ክሽለም እንከሎ፡ ፊልማዊት መኣዛ ካብ ጋንታ ገደም ድማ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ኵዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ ኮይና።

ውድድር ጨመተ ተኽሲ፡ ኣብ ሰለስተ ርሕቀታት፡ 100፡ 200ን 300ን ሜትሮ'ዩ ተኻይዱ። ደቂ ኣንስትዮ፡ 100 ሜትሮ፡ ኣልማዝ ሃብተ ካብ ጋንታ ማዶት፡ ኖቢያት ሃ/ስላሰ ካብ ጋንታ በካዕ፡ ሰናይት ሓድጉ ካብ ጋንታ ሃርሚል፤ ኣብ 200 ሜትሮ፡ ራህዋ ገረዝጊሄር ካብ ጋንታ በካዕ፡ ሉላ በረኸት ካብ ጋንታ ገደም፡ ብሌን ሓጎስ ካብ ጋንታ ዳህላክ፤ ኣብ 300 ሜትሮ ድማ፡ መርሃዊት ሓጎስ ካብ ጋንታ ኣውካን፡ ሙና ወሃብ ካብ ጋንታ ገደም፡ መርከብ ተኽለሰንበት፡ ካብ ጋንታ በካዕ፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ንዘሎ ደረጃታት ብምሓዝ ተዓዊተን።

ደቂ ተባዕትዮ፡ 100 ሜትሮ፡ ፋኑኤል ሰለሙን ካብ ጋንታ ዳህላክ፡ ፍጹም ገብረማርያም ካብ ጋንታ ሓራት፡ ሄርሞን ጠዓመ ካብ ጋንታ ኣውካን፡ 200 ሜትሮ፡ ቶማስ ሙሉጌታ ካብ ጋንታ በካዕ፡ መሓመድ ኑር ሳልሕ ካብ ጋንታ ኣውካን፡ ደባይ ተስፋይ ካብ ጋንታ ዳህላክ፡ 300 ሜትሮ፡ ተኽሊት ዓንደማርያም ካብ ጋንታ ሃርሚል፡ ፊልሞን መኮነን ካብ ጋንታ ሓራት፡ መሓመድ ስዒድ ዑሩፍ ካብ ጋንታ በካዕ ኮይኖም ተዓዊቶም።

ኣፈወርቂ ረድኢ

## ጸጸራትን ዓምበርበብን ተዓዊተን

ብቐዳም 23 ጥሪ ኣብ ዝተኻየደ ፈላሚ ግጥም ሻምፕዮና ጋንታታት ኵዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል፡ ጸጸራት ንፓራዲዞ፤ ዓምበርበብ ድማ ንሓሬና ብተመሳሳሊ ውጽኢት 3-ብ1 ስዒረናኦን።

ኣቡቲ ብሓያል ኣፍቀርቲ ኵዕሶ መርበብ ማሚቑ ዝተኻየደ ጸወታ፡ ሻምፕዮን ናይ ዝሓለፈት ዓመት ዝኾነት ጸጸራት ምስ ፓራዲዞ ዘካየደቶ ግጥም ህልኽ ዝተራእየን ንብዙሓት ኣፍቀርቲ ናይቲ ዓውዲ ድማ ዘቓጸን ነበረ። እታ ሻምፕዮን ዝኾነት ጋንታ፡ ኣብ ቀዳማይ ሰት ዋላ'ኳ ብፓራዲዞ 25-ብ18 እንተተሳዕረት፡ ኣብ ዝሰዓብ ሰት ግና ትልክፍ ኣይነበረትን። 25-ብ21፡ 25-ብ21 ከምኡ ድማ 25 ብ16 ብምዕዋት ንናይዚ ዓመት ጉዕዛኣ ብዓወት መዊሳቶ ኣላ። ኣቡቲ ዓወት ተጻወትቲ ጋንታ ጸጸራት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ቁጽሪ ሰለስተ ማልያ ዝወደየት ማርታ ወልዳይ ዘርኣየቶ ናይ ዓወት ወኒ ኣዝዩ ዝሕጎድ ከምዝነበረ ይግምገም። ብወገን ፓራዲዞ ድማ ቁጽሪ 14 ዝወደየት ዘውዲ ታወቀ ካብ ደቂ ጋንታኣ ዝያዳ ደሚቓ ክትረአ ክኢላ።

ኣብ ጸወታታት ደቂ-ተባዕትዮ፡ ዓምበርበብ 3-ብ1 ተዓዊታ። 25- 18፡ 20-25፡ 23-25 ከምኡ ድማ 14-ብ25 ዝተመዝገበ ውጽኢት እዩ። ኣብ ዓወት ጋንታ ዓምበርበብ፡ ሽደን ተስፋይ ኣብ ምዕጋት (ብሎክ) ኮዓሶ ብዘርኣዮ ድንቂ ብቕዓት ንብዙሓት መሲጡ። ናይ ጋንታ ሓሬና ሂኖክ ጉብርሂወት እውን ብከባቢ ኣንቴና ንዝወሃብ ዝነበረ ኮዓሶ ብግቡእ ተቐቢሉ መጥቃዕትታት ኣብ ምፍናው ዝሕጎድ ምንባሩ ይግምገም።

መሰረት መደብ ፌደረሽን ኵዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል፡ እዚ ውድድር እዚ ጽባሕ ቀዳም ብዝካየዱ ጸወታታት ክቕጽል እዩ። ሳዋ ምስ ቶኮር፤ በኒፈር ድማ ምስ ኣራብ /ፖሊስ ኤርትራ/ ካብ ሰዓት 2፡00 ድ.ቐትሪ ጀሚረን ክገጥማ እየን።

## ኩባንያ ሰምበልን ማይተመናይን ተዓዊተን

ሳልሳይ ሰንበት ኣብ ዘቑጸረ ግጥም ጋንታታት ኵዕሶ እግሪ ንዋንጫ ናጽነት፡ ኩባንያ ሰምበል ንኣርባዕተ ኣስመራ 2-ብ0 ብምስዓሩ፡ ማይተመናይ ኸኣ ንኣዱሊስ 2-ብ1 ብምርትዓ ናብ ዝቕጽል ጸወታ ናይቲ ውድድር ሓሊፈን።

ኣብ ቀዳማይ እብረ ካብ የናታን የማነ ሸቶ ዘመዝገበት ኩባንያ ሰምበል፡ ኑቲ ግጥም ብመሪሕነት እያ ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሓቶ። ኣብ ዝሰዓብ ፍርቂ፡ ኩባንያ ሰምበልን ኣርባዕተ ኣስመራን ዝሓሸ ምንቅስቓስ ኣርእየን። እንተኾነ ኑቲ እብረ፡ ኩባንያ ሰምበል እያ ከሲባትሉ። ኣብ መበል 85 ደቒቕ ካብ ክብሮም ተወልደ ብዝረኸበታ ሸቶ መሪሕነታ ብምድልዳል ናብ ዝቕጽል ውድድር ክትሓልፍ ክኢላ።

ኣብ ዝሰዓብ ጸወታ፡ ማይተመናይን ኣዱሊስን እየን ናብ ሜዳ ወሪደን። ፊልሞን ተስፋገርግሽ ኣብ ቀዳማይ እብረ፡ ኣስመሮም ተኪኤ ድማ ኣብ ካልኣይ እብረ ንኽልተ ሸቶታት ማይተመናይ ዘመዝገቡ ተጻወትቲ እዮም። ኣዱሊስ፡ ዋላ'ኳ ካብ ሰራቕ ተወልደ ኣብ ውዱእ ግዜ ሸቶ እንተኣመዝገበት ካብ ስዕረት ክትናገፍ ግና ኣይከኣለትን።

ዛጊት ተኻይዱ ኣብ ዘሎ ጸወታታት፡ ሲቲ ሰንተር፡ ሰገን ኮንስትራክሽን፡ ኣስመራ ቢራ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኩባንያ ሰምበልን ማይተመናይን ናብ ዝቕጽል ጸወታ ናይዚ ውድድር ሓሊፈን ኣለዋ።

እዚ ግጥምዚ ጽባሕ ሰንበት ጋንታታት ገጀረት ምስ ደንደን ከምኡ ኸኣ ሲቲ ሰንተር ምስ ሰገን ኮንስትራክሽን ብዝተሰርዐለን መደብ ክቕጽል እዩ።

ለተብርሃን ወልደኣረጋይ

## መደብ ጸወታ

ሎሚ

ካፒታል ዋን

ሊቨርፑል - ስቶክ 10፡45

# ምልክታ

ደሃብ-ዳዊት---ቤተልሄም-ታደሰ
ስመያዊት ሓይለኣብ

## ምልክታ

ብስም ወረስቲ ነፍ/ተኪኤ ዑቕባዝጊ ንጉሰ ዙፋን የሕደሮም +7 ፡ ሂወት ተኪኤ ፡ለምለም ተኪኤ ፡ ይርገኣለም ተኪኤ፡ ተኽለ ተኪኤ፡ ኣርሴማ ፍጹም ፡ኤሽን ፍጹም፡ ሜሮን ፍጹም ተመዝጊቡ ዝርከብ ኣብ ኣስመራ ጎዳይፍ ዚፕ 714 ፕሎት 100 ፓርሰል 412 ቁ/መዝ/4818/2015 መወከሲ ቁ.131723 ዝተመዝገበ ገዛ ናይ ወረስቲ ምቅሊትና ኣኣብ ስምና ከነመሓላልፎ ስለዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታዮ ሃገራዊ ካታስኮ የቕርብ።

ዙፋን የሕደሮም +7


ወ/ሮ ግደይ ተጠምቀ ገብረማሪያም፡ ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ከተማ ምጽዋዕ ካምቦ ማርታ ምም/ከባቢ 2 ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ቁጽሪ 201586 መወከሲ ቁጽሪ 200662 ብስም ኣቶ ሰመረ ተወልደ ዝተመዝገበ ናብ ስመይ ከሰጋግሮ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ወይ'ውን ይግባይ ተበሂልሉ እንተኮይኑ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ቤ/ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ሒዘ ጉዳየይ ክፈጸም ምኻነይ ይሕብር።

ወ/ሮ ግደይ ተጠምቀ ገብረማሪያም

ኣቶ ተዝፋዝጊ ዓንደጽዮን ሰለባ ዝተፈቕደሎም ናይ ስነ-ጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ ንግዳዊ ትካሎም ''ተሊኒ ስነ-ጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ '' (TELINI HAIRDRESSING) ተባሂሉ ክስመየሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ንግዲ ስም ከምእንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ሓዳስ መጽሓፍ




ጽሓፍ Hooray ቋንቋታት እንግሊዘኛን ትግርኛን ክማሃሩ ንዝደልዩ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንዝለዉ ኤርትራውያን ተማሃሮ

- መባእታ
- ማእከላይን
- ካልኣይን ደረጃ

ትሕዝቶ መጽሓፍ
ብእንግሊዘኛን ትግርኛን ዝተዳለዉ መሰጥትን መሃርትን

- Stories(ዛንታታት)
- Poems (ግጥምታት)
- A Play (ተዋስኦ)

ኣብ ቋንቋታት እንግሊዘኛን ትግርኛን ንተመሃሮ እትሕግዝ ኣዝያ ኣገዳሲት መጽሓፍ ኣብ ስተሺነሪታት ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።

ንሓበሬታ፡ **07542159 / 07298686**
መም ኣብርሃለይ ሃብተ/ ቢንያም ተኸስተ

ሓደስ መጽሓፍ
ኣዛዴላ




ፍቕሪዊ፡ ማሕበራዊ፡ ህይወት ስደትን ካልእን ዘማልእት .....
ኣብ ኩለን ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሓትኩም ኣላ
ንዝያዳ ሓበሬታ
07309786 - 07496470 ወይ 07275239

ዓቢ ብስራት ካብ
ቀለት ሆቴል፡ ቀለት ሆቴል

ቀለተ ሆቴል መዘናግዒ ቆልዑት

ካብ ዕለት 24-01-2016 ጀሚሩ
ሰንበት፡ ሰንበት፡ ሰንበት ኩሉ ግዜ

ካብ ሰዓት 08:00 ናይ ንግሆ ክሳብ ሰዓት 6:00 ናይ ምሸት መዛንግዒ ቆልዑ ክፉት ምዃኑ ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ኩሉ ግዜ ደቅኹም ከተዛናግዑ እንተደሊኹም
ኩሉ ግዜ ምርጫኹም ቀለተ ሆቴል ይኹን
ደቅኹም ክፍስሁ ክሕጎሱ

ንዝያዳ ሓበሬታ
ብቁጽሪ ቴሌ 07112809 ተወከሱ

## ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል

ወ/ሮ ኣዜብ ስዒድ ኑር 2.ሓደሽ ስዒድ ኑር 3. ርዝቀይ ስዒድ ኑር ምግል ተሪፉ 1.ኣዜብ ስዒድ ዓንደብርሃን 2.ሓደሽ ስዒድ ዓንደብርሃን 3.ርዝቀይ ስዒድ ዓንደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/2/16 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብ መንን ከሳሲ. ኣቶ ኤፍሬም እዮብ ወልደሃይማኖትን ተኸሳሲ. ኣቶ ዓወት ሃብተማርያም ተሰፋዝጊን ብዛዕባ መኪና ሰሌዳ ቁጽሪ ኢ.ኣር 1-11405 ናይ ሰም ምትሕልላፍ ክሲ. ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ተኸሳሲ. ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠ፡ ተጸዊዑ ን16/2/16 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ብኣካል ወይ ብወኪል ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኣብ ዘየለወሉ ጉዳዩ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማእከል ከተማ

ወ/ሮ ኣስቴር ጺጋይ በዓል ቤተይ ኣቶ ይኩኣሎ ዘርኣብሩኽ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወራሲ. ምዃኑ ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሬት ሚከኤል ኣልደሪት፡ ላውራ ኣልደሪት ብሂወት ከላ ለበዋ ስለዝገደፈት ምስ 3 ኣሕዋተይ እቲ ዝተጻሕፈ ለበዋ ይጽደቐልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ ።

ኣብ መንን ከሳሲ. ኣቶ ሃብቶም ተኸስተን ተኸሳሲት ወ/ሮ ሃና በርሀ ዘሎ ናይ ሓዳር ክሲ፡ ተኸሳሲት ብዛዕባ ናይ ሓዳር ዝምልከት ክሲ. ተመስሪቱላ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኣ ስለዘይተፈልጠ፡ ብሕጋዊ ወይ ብኣካል ን22/2/16 ኣብ ቤ/ፍ ትቕረብ። እንተዘይቀሪባን ኣብ ዘየለዋሉ ጉዳይ ክርአ ምዃኑ ንሕብር።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ኣቶ ብርሃ ሃብተሚካኤል ከስተ ወላዲተይ ወ/ሮ ቅዱሳን ዘርኣይ ገብረታትዮስ ከስተ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ ሓፍተይ ወ/ሮ ሂማን ሃብተሚካኤል ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/2/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡ ተቓዋሚ እንተዘይቀሪቡ ቤ/ፍ ውሳኔ ክህበሉ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረትን ቲራቮሎን

ወ/ሮ ኤልሳ መብራህቱ ተኽለኣብ ወላዲተይ ወ/ሮ ዛይድ ርእሶም ኣድጎይ ስለዝተሰወኣት፡ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/2/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣርባዕተ ኣስመራ

ኣቶ ኤፍሬም ተኽለኣብ ዑቕባዝጊ ወላዲተይ ወ/ሮ ኣሰፋሽ ምስየና እምኑ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/2/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ ።

ኣቶ ጴጥሮስ ገብረገርግሽ ኢማኑ ሓፍትና ወ/ሮ ጸገ ገብረገርግሽ ኢማን ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1ህልውቲ 2 መውቲ ኣሕዋተይ 8 ተተካእቲ ደቀን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን/16/2/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብስራት ተኸስተ ወልደስላሴ፡ ወላዲና ኣቶ ተኸስተ ወልደስላሴ ፍስሓን ወላዲትና ወ/ሮ ጸሃይቱ ጥዑይ ደብሳይ ዑቕባሚካኤል ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/2/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ቴድሮስ ኣለም የውሃንስ ወላዲትና ወ/ሮ ሙብራት ወልደጼን ሙሴ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/2/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለታይ ቀሺ. ኣርኣያ ግርማጽዮን፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ሙብራህቱ እንግዳ ወልደጋብር ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃንናም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/2/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣኽርያ

ወ/ሮ ሕርይቲ ንእምን ማሉ በዓል ቤተይ ኣቶ በላይ ሰረቐ ሓያሉ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይ ተመናይ፡ ፓራዲዞ ጸጸራት

ወ/ሮ ብርሃና ስልጣን ባህታ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ኣጽባሃ ኣዘዘ ሰንጋል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/2/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዳዕሮ ጳውሎስ

ወ/ሮ ርግኣት ኀይትኦም ሓጎስ፡ ሓፍትና ንግስቲ ኀይትኦም ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/2/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጸሎት

ሰምሃር ደርገኣለም በርሀ ወላዲያይ ኣቶ ደርገኣለም በርሀ ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/2/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ወ/ሮ ለተብርሃን ተከኤ ወልደገብርኤል፡ ወላዲና ኣቶ ተከኤ ወልደገብርኤል ክፍሉን ወላዲተን ወ/ሮ ትንሳኤ ቀላቲ ተሰፋገርግሽ ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/2/16 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።




# NOTICE

Notice is hereby given to the public that “**HAMELUL Private Limited Company**” has been formed among the following members.

**A)** Shareholders

| NAME | | ADDRESS | NO.OF | VALUE of SHARES |
|---|---|---|---|---|
| Mr. Filmon Asres Woldemariam | Eritrean | South Sudan | 180 | 18,000,000.00 |
| Mr. Asres Woldemariam Semereab | Eritrean | Asmara | 10 | 1,000,000.00 |
| Mrs. Haregu Habtetsion Weldeab | Eritrean | Asmara | 10 | 1,000,000.00 |
| | | **TOTAL** | **200** | **20,000,000.00** |

**B)** The head office of the company will be in Asmara and branch offices may be opened anywhere within and outside Eritrea.

**C)** The total fully paid up capital of the company is Nakfa twenty million (20,000,000.00) divided in to two hundred shares (200) of par value of Nakfa one hundred thousand (100,000.00) each.

**D)** The business purposes of the company shall be:

- ✓ To engage in the Manufacture of Soap, detergent and cleaning materials
- ✓ To engage in the Manufacture of Match, candles and accessories
- ✓ To engage in the manufacture of Beverage and drinks products
- ✓ To engage in the manufacture of plastic product, pet preforms and others
- ✓ To engage in the any other kind of Manufacturing other than those specified above
- ✓ To engage in Sales, design and installation of solar, thermal system and related energy providing systems
- ✓ To engage in agricultural development, studies and planning.
- ✓ To engage in crusher machinery and mining extraction Activities
- ✓ To engage in the business of import/export, commission agent or representation of manufacturer and traders, wholesale, and retail of related activities

**E)** Mr. Filmon Asres is appointed as the general manager for unlimited period of time.

**F)** The period for which the company is established is unlimited.

**HAMELUL PRIVATE LIMITED COMPANY**
ሓመሉል ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበር



ብርሃነ ምሕረትኣብ

# ታይዋን - ብክቱር ዛሕሊ 85 ሰባት ሞይቶም



ኣብ ዞባ ምብራቓዊ ኤስያ ብዘጋጠመ ክቱር ዛሕሊ፡ ኣብ ታይዋን ጥራይ ብውሑዱ 85 ሰባት ህይወቶም ከምዝሰኣኑ ተሓቢሩ።

ኣብቲ ዞባ ብሸነኺ ዝረአ ዘሎ ኣዝዩ ቀራሪ ኩነታት ኣየር፡ ጥዕናዊ ጸገማት ዘጋጥሞም ብዙሓት ሰባት ናብ ሕክምና ከውሕዙ ከምዝረኣዩ፡ ሓያሎ ካብኣቶም ብጸገማት ልቢን ሕጽረት ምስትንፋስን ይሳቐዩ ምህላዎምን ሰብ መዚ ጥዕና ታይዋን ኣረጋጊጾም። ዝበዝሑ ግዳያት ብዕድመ ዝደፍኡ ምዃኖም ድማ ኣረዲኦም።

ኣብ ከባቢ ታይፐይ - ርእሰ ከተማ ታይዋን ኩነታት ኣየር ካብ 20 ዲሲግሬድ ናብ 4 ዲ. ሰ. ግሬድ ከንቈልቊል እንከሎ፡ እቲ መጠን ኩነታት ኣየር ኣብ ውሽጢ 16 ዓመት እቲ ዝተሓተ ኮይኑ ተመዝጊቡ ምህላዉ ምንጭታት ሜትዮሮሎጂ ሓቢሮም።

ኩነታት ኣየር ዞባ ምብራቕ ኤስያ ኣብዚ ሰሙንዚ ሃንደበታዊ ምንቁልቋል ከምዝርአየ ክፍለጥ እንከሎ፡ በቲ ቀዝሒ ዝመልኦ ኩነታት ኣየር፡ ኮርያ፡ ቻይናን ጃፓንን ብሸበድ ተሃስዮን ምህላወን'ዩ ዝገለጸ።

ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ጥዕና ታይዋን፡ "እቲ ጸገም ዘስዕብ ዘሎ፡ መጠን ዛሕሊ ዘይኮነ፡ ሃንደበታዊ ምንቁልቋል'ዩ" ብምባል መጠን መቐትቲ ከባቢ ኣብ ውሽጢ ሓደት መዓልታት ምንካዩ ኣብ ስርዓት-ዝርጋት ደም ደቂሱብ ክሳብ ናብ ሞት ዘብጽሕ ሽግር ከምዝፈጥር ኣረዲኡ።

ዝሑል ኩነታት ኣየር፡ ንንጥፈታት ልቢ ኣቀላጢፉ፡ ኣብ መትንታት ደም ሃንደበታዊ ምፅጋት ክኸሰት ዝደርኽ ምዃኑ'ዩም ክኢላታት ዝገልጹ። እዚ ሃንደበታዊ ምፅጋት ደም ንኣካላት ክልምሽን ናብ ሞት ከብጽሕን ዝኽእል ሓደገኛ ክስተት ምዃኑ እዮም ክኢላታት የረድኡ።

ብተወሳኺ ብሸነኺ'ቲ ኣብቲ ከባቢ ዝወርድ ዘሎ ወርጪ፡ በረራ ነፈርቲ ብኣሉታ ከምዝተጸልወ ተሓቢሩ። ኣብ ዞባ ምብራቕ ኤስያ፡ ብውሑዱ 60 ሽሕ ሰባት ጉዕዞኦም ተዓናቒፉ ምህላዉ ንሱብ መዚ በረራ'ቲ ከባቢ ብምጥቃስ በበሲ ኣሕሪሩ።

ኣብ ደቡብ ኮርያ፡ ልዕሊ 500 በረራታት ውሽጢ ሃገር ብምስራዙ፡ ሓያሎ በጻሕቲ ጉዕዞኦም ተሰናኺሉ ምህላዉ ምንጭታት'ታ ሃገር ሓቢሮም። ብዘይካዚ ኣብ ሆንግኮንግ ኣብ ውሽጢ 60 ዓመት እቲ ዝተሓተ(3 ዲሲግሬድ) መጠን ኩነታት ኣየር ኣብዚ ሳልስቲዚ ከምእተመዝገበ ምንጭታት'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።

# ሃገራት ኤውሮጳ ስደተኛታት ንምግታእ ዶባተን ይቈጻጸራ



ሚኒስተራት ወሽጣዊ ጉዳያት ሃገራት ኤውሮጳ፡ ምንቅስቓስ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ንምግታእ ዝሕግዝ ስጉምቲ ንምውሳድ ይዝተዩ ከምዝለዉ ምንጭታት ዜና ሓቢሮም።

ኣብ ኣምስተርዳም- ሆላንድ ዝተኣከቡ ሚኒስተራት ሃገራት ኤውሮጳ፡ ኑቲ ኣብ ሃገራቶም ሽግር ዝፈጥር ዘሎ ጉዳይ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ንምፍታሕ፡ ኣብ ዶባቶም ዝሓየለ ምቁጽጻር ክገብሩ ምዃኖም ኣፍሊጦም።

ብመሰረት ሓድሽ ሕጊ ዞባ ሸንገን፡ ኣብ ዶብት'ቲ ዞባ ዝፀደድ ጥብቕ ተፍትሽ ዝመጽእ ግዝኣት ከብቅዕኒ እንተክብር፡ እቲ ምቁጽጻር ብዝሓየለ መልክዑ ክቕጽል ከምዝደልዩ እቶም ሰብስልጣን ኣሕሪሮም።

ጀርመንን ጎረባብታን፡ ዘይሕጋዊ ምንቅስቓስ ስደተኛታት ንምግታእ ኣብ ዶባተን ልዑል ተፍትሽ የካይዳ ከምዝለዋን እቲ ስጉምቲ ክሳብ መወዳእታ 2017 ክቕጽል ይደፍኣሉ ምህላወንን ይግለጽ።

ገለ ሚኒስተራት ወሽጣዊ ጉዳያት ኤውሮጳ፡ ግሪኽ ምንቅስቓስ ስደተኛታት ንምግታእ ዕቱብ ስጉምቲ ከምዘይወሰደት ብምውቃስ፡ ከምዚ እንተደኣ ቀጺላ ካብ ኣባልነት ሸንገን ክትሰጎግ ከምእትኽእል ኣጠንቂቖም።

ዝሓለፈ ዓመት 1.1 ሚልዮን ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ናብ ጀርመን ከምዝኣተዉ ዝጠቐሱ ምንጭታት፡ ኣብዚ እዋንዚ እታ ሃገር ንምንቅስቓስ ተወሰኽቲ ስደተኛታት ንምግታእ ኣብ ዶባታ ጽኑዕ ምቁጽጻር ከተካይድ ከምእተገደደት ኣረዲኦም።

ብተወሳኺ፡ ሓሙሽተ ሃገራት ሸንገን ማለት፡ ኖርወይ፡ ሽወደን፡ ፈረንሳ፡ ኦስትርያን ዴንማርክን ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ንምግታእ ኣብ ዶባተን ጽኑዕ ሓለዋ ከምዘተኣታተዋ ይፍለጥ።

## ተወሳኺ



ወዲ 55 ዓመት ብሪጣንያዊ ዳህሳሲ ሄንሪ ዎርስለ፡ ንኣንታርክቲካ ብእግሩ ንምቑራጽ ፈተነ እናኣካየደ እንከሎ፡ ኣብ ጉዕዞ ከምዝሞተ ተሓቢሩ። እቲ ወተሃደር ዝነበረ ዳህሳሲ፡ ብዘይ ዝኾነ ሓገዝ ኑቲ ናይ 1770 ኪሎ-ሜተር ጉዕዞ ንምዝዛም ድሕሪ ምብጋሱ፡ ብምሕር ድኻም ህይወቱ ከምዝሓለፈት፡ በዓልቲ ቤቱ ንማዕከናት ዜና ሓቢራ።

እቲ ብሪጣንያዊ፡ ኣብቲ ብበረድ ዝተሸፈነ ከባቢ ንውልቁ ዘድልዮ መግብን ቴንዳን ኣብ ተጎታቲ መሳርሒ ጾዒኑ ባዕሉ እናስሓበ ንሸሞንተ መዓልታት ብዘይምቁራጽ ድሕሪ ምጉዓዝ ብድኻም ተሰኪፉ ከምዝወደቐ እዩ ተሓቢሩ።

ንሱ፡ እቲ ጉዕዞ ሓያል ከምዝኸውን ብሰባት ንዝተዋህቦ መጠንቀቕታ ከምዝጸገ ተፈሊጡ። "ሄንሪ ጉዕዞኡ ብዓወት እንተዝዛዝሞ፡ ስሙ ኣብ መዝገብ ክብረ-ወሰን ጊነስ ምሰፈረ ነይሩ" ክብል በበሲ ሓቢሩ።

# ቫይረስ "ዚካ" ኣብ ዞባ ኣመሪካ የስፋሕፍሕ

"ዚካ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ንሓንጎል ህጻናት ዘጥቅዕ ቫይረስ፡ ኣብ ዞባ ኣመሪካ ናይ ምስፍሕፋሕ ኣንፈታት የርኢ ከምዘሎ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣጠንቂቑ።

እቲ ብጣንጡ ከምዝመሓላለፍ ዝተገልጸ ቫይረስ፡ ብዘይካ ኣብ ካናዳን ቺለን ኣብ ኩለን ሃገራት ደቡብን ሰሜንን ኣመሪካ ክስፋሕፍሕ ከምዝኽእል'ዩ ዝገለጸ ዘሎ።

እቲ ኣብ ዕሸላት ኣካላዊ ጸገማት ኣእምሮ ዘስዕብ ሕማም፡ ዛጊት ክታቢት ይኹን ፍሉጥ መድሃኒት ከምዘይተረኸበ'ዩ ዝገለጸ። ክሳብ ሕጂ እቲ ሕማም ኣብ ማእከላይ ብራዚል፡ ጓቲማላ፡ ሆንዱራስ፡ ኮሎምብያ፡ ሽዘዌላን ኢኳዶርን ተራእዩ ከምዘሎ ሓቢሮም።

ኣብ ብራዚል ምስ ቫይረስ "ዚካ" ብዝተኣሳሰር ጠንቂ ዛጊት 2700 ጸገማት ኣእምሮ ዘለዎም ዕሸላት ከምእተወልዱ ሰብ መዚ ጥዕና'ታ ሃገር ገሊጾም።

በቲ ቫይረስ ካብ ዝተለኽፈት ኣደ ዝወለዱ ዕሸላት፡ ሽክና ርእሶም ኣመና ንእሽቶ ኮይኑ፡ ብኣካላዊ ጸገማት ኣእምሮ ክሳቐዩ ከምዝኽእሉ ይጥቀስ። ኣብቲ ቫይረስ "ዚካ" ጊዜኡ ዘሎ ከብቢታት ዝርከብ ደቀንስትዮ፡ ንግዚኡ ዘለወን ናይ ወሊድ መደብ ክሰጋግራኦ ድማ ሓኪይም ይመኽሩ።




ኣብ ሰባት ንሓደ ሰሙን ዝጸንሕ ውጽኣት፡ ረስንን ቅርጥማትን ዝኣመሰለ ምልክታት ዘርኢ ቫይረስ "ዚካ"፡ ብመገዲ'ታ ዓሶን ዌልካሞ(ደንጊ ፊቨር) እትሰከም ዓይነት ጣንጡ ብቐሊሉ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክመሓላለፍ ከምዝኽእል ክኢላታት ይገልጹ። ሰባት፡ ከባቢኦም ብጽሬት ብምሓዝን መፋረዪ ጣንጡ ዝኾነ ጉዳጉዲ ብምድፋንን ጥዕንኦም ክዕቅቡ ከምዝኾእ'ዮም ክኢላታት ዝመኽሩ።

# ናይጀርያ - 20 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ናይጀርያ ኣብ መንጎ ክልተ ቀቢላታት ብዝተላዕለ ግጭት 20 ሰባት ከምዝተቐትሉ በበሲ ሓቢሩ።

እቲ ግጭት ኣብ ኣርባዕተ ዓድታት ከምዝተወልዐን ኣዚዚ ፖሊስ ዝርከቦም ሓያሎ ሰባት ግዳይ ሞት ከምዝኾኑን ተገሊጹ። ቁጽሪ ግዳያት ክሳብ 29 ከምዝበጽሕ'ውን ገለ ምንጭታት'ቲ ከባቢ ይገልጹ። ንሱቶም ከምዝገለጹዎ፡ ኣብቲ ግጭት ሓያሎ ኩብቲ ክዘመታ እንከለዋ፡ ብርክት ዝበለ መንበሪ ኣባይቲ ተቓጺሉ።



እቲ ግጭት ኣብቶት "ፉላኒ" ናይ ዝተባህለ ቀቢላ ዝኾኑ ብረት ዝዓጠቑ ጓሶት፡ ኣብ ልዕሊ ዓድታት ሕነ ናይ ምፍዳይ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምውሳዶም ከምዝተወልዐ'ዩ ተሓቢሩ።

ኣብቲ ከባቢ ኣብ መንጎ ጓሶትን ሓረስቶትን ቀጻሊ ምፍሕፋሕ ከምዝርአ ነበርቲ'ቲ ከባቢ ንማዕከናት ዜና ሓቢሮም።